ሓዳስ ኤርትራ

መበል 28 ዓመት ቁ.11 ሓሙስ 13 መስከረም 2018 ገጻት 12 ዋጋ 2.00 ናቕፋ

ገጽ 2
ፍልይቲ ዕለት - ፍሉይ ታሪኻዊ ፍጻመ

ገጽ 3
3D ሓታሚት ኣብ ምርኢት ኤክስፖ 2018

ገጽ 6
ስእላዊ መግለጺ ግንባር ቡረ

ገጽ 7
ስእላዊ መግለጺ ዛላምበሳ

ገጽ 9
ሃገራዊት ጋንታ ኩዕሶ እግሪ፡ ልምምድ . . .

ዓዲ - ኳላ - በዓል ቅዱስ የውሃንስ ብባህላዊ መሰናድኦ ማዕሪጉ ውዒሉ

ስ/ ሳሙኤል የውሃንስ

ብምኽንያት በዓል ቅዱስ የውሃንስ፡ ብምትሕብባር ሚኒስትሪ ዜናን ንኡስ ዞባ ዓዲ-ኳላን ዝተወደበ ህዝባዊ ባህላዊ መደብ፡ ኣብ ከተማ ዓዲ-ኳላ ተኣንጊዱ።

ኣብ'ቲ ኣዘዝቲ ሰራዊት፡ መራሕቲ ሃይማኖት፡ ዓበይቲ ዓድን ወከልቲ ህዝቢን ዝተረኽቡሉ መደብ፡ ኣካያዲ ስራሕ ንኡስ ዞባ ዓዲ-ኳላ ኣቶ ተስፋይ ኣብርሃ ኣብ ዘስመዖ ቃል፡ ናይ ሎሚ ዓመት ቅዱስ የውሃንስ፡ ብጽቡቕ ክራማት ኣብ ዝተሰነየ ናይ ሰላም ሃዋህው ይብዕል ብምህላዉ - ዝያዳ ድምቀት ከምዝረኸበ ገሊጹ። ኑቲ ጽምብል ንምድማቕ ንዝተሳተፉ ኩሎም ትካላትን ውልቀ-ሰባትን ድማ ኣመስጊኑ።

እቲ መደብ፡ ጉጅለ ባህሊ ቀይሕ መሬት ብዘቕረብዎ ዝተፈላለየ ደርፍታትን ካልእ መሰናድኦታትን፡ ደሚቑ ውዒሉ።

ባጽዕ - ብከላ ኣከባቢ ንምክልኻል ተበግሶታት ጀሚሩ

ኣባላት ሚኒስትሪ ሃብቲ ባሕርን ማእከል ኣገልግሎት ንቑታን፡ ኣብ ስሁ-ህይወታዊ ብዙሕነት ኣሉታዊ ጽልዋ ዘለዎ ብከላ ኣከባቢ ንምክልኻል፡ ውሽጢ ባሕሪ ናይ ምጽራይ ተበግሶታት ክወስዱ ጀሚሮም።

ኣባል ማእከል ኣገልግሎት ንቑታ ኣቶ ጴጥሮስ ርእሶም፡ ኑቲ ብውሱን ደረጃ ኣብ ከባቢ ቀጽሪ'ቲ ማእከል ተጀሚሩ ዘሎ ወፈራ፡ ኣብ መጻኢ ብዝሰፍሐ ንምኪያዱ መደብ ከምዘሎ ገሊጹ።

ኣባል ሚኒስትሪ ሃብቲ ባሕሪ ኣቶ ተስፋኣለም ኣረፈ ብወገኑ፡ በቲ ባእታ - ንምክልኻሉ ጌና ኣብ ደገ እንከሎ ስለዝቖልል፡ ዜጋታት ብሓፈሻ መንእሰያት ከኣ ብፍላይ ኣብ ወሰናስን ባሕሪ ኣትኪሮ ክገብሩ ኣዘኻኺሩ።

ኣብ ጨንፈር ሚኒስትሪ መሬት፡ ማይን ኣከባብን ሓላፊ ጨንፈር ኣከባቢ ኣቶ ሰመረ የውሃንስ እውን፡ ንተበግሶ ናይ'ቶም ሰራሕተኛታት ብምምጓስ፡ ነፍስ-ወከፍ ዜጋ ክስዕቦ ዘለዎ ቅዱስ ተበግሶ ከምዝኾነ ሓቢሩ።

ብከላ ኣከባቢ ኣብ መላእ ዓለም ኣሰካፊ ተርእዮ እናኾነ ኣብ ዝመጸሉ ዘሎ እዋን፡ ንጽህና ጥምጥም ባሕርና ካብቲ ሓላፊ ዘርኢ ዘሎ በቲ ባእታታት ንምክልኻል፡ ሰፋሕቲ ጉስጓሳትን ኣስተምህሮታትን ከምዝድሊ ድማ ኣዘኻኺሩ።

ናቕፋ - ጥዕናዊ ጉስጓሳት እወታዊ ውጽኢት ሂቡ

ኣብ ንኡስ ዞባ ናቕፋ፡ ኣብ ልዕሊ ደቂ-ኣንስትዮን ህጻናትን ኣካላውን ስነ-ኣእምሮኣውን ሃሰያ ዘውርዱ ልምድታት ንምውጋድ - ዝካየዱ ጉስጓሳትን ኣስተምህሮታትን፡ እወታዊ ውጽኢት ይርከቦም ከምዘሎ ተገሊጹ።

እዚ ዝተገልጸ ንጥፈታት ናይተን ኣብ 12 ምምሕዳራት ከባቢ ዝተዋፈራ ኮሚተታት ድሕነት ደቂ-ኣንስትዮን ህጻናትን ንምግምጋም፡ ብ6 መስከረም ኣብ ከተማ ናቕፋ ኣብ ዝተኻየደ ኣኼባ እዩ።

ብመሰረት'ቲ ብኣሃዛት ዝተሰነየ ጸብጻብ፡ ዝተኻየደ ጉስጓሳት ኣብ ምብራኽ ኣፍልጦን ርድኢትን ሕብረተሰብ ዓቢ ኣስተዋጽኦ ስለዘበርከተ፡ ቀጽሪ ኣብ ትካላት ጥዕና ዝመላለሱ ዜጋታት ብሓፈሻ፡ ቀጽሪ ናይ'ተን ኣብ ትካላት ጥዕና ዝሓርሳ ኣዴታት ድማ ብፍላይ ከምዝዓበየ ክፍለጥ ተኻኢሉ።

ኣመሓዳሪ ንኡስ ዞባ ናቕፋ ኣቶ ያዕቆብ እድሪስ፡ እተን ኮሚተታት ይኹና ኣብ ዝተፈላለያ ትካላት ጥዕና ዝጥዩ ሞያውያን፡ በዚ ክይተዛዩ ንዝበረኸ ውጽኢት ክሰርሑ ተላቢዩ።

ኣብ ከረን፡ ምርጫ ኣመሓደርቲ ከባቢታት ተኻዪዱ

ኣብ ንኡስ ዞባ ከረን፡ ናይ ኣገልግሎት ግዜኦም ዝኣኸለ ኣመሓደርቲ ከባቢታትን ኣካየድቲ ስራሕን ንምትካእ፡ ምርጫታት ተኻዪዱ።

ኣብቲ ንሰለስተ ዓመታት ዘገልግሉ ንምምራጽ ዝተኻየደ መደብ፡ ኣብ ነፍሲ-ወከፍ ነቑጣ ምርጫ 5 ሰባት ንውድድር ድሕሪ ምቕራብ፡ ዝበዝሐ ድምጺ ዝረኸቡ ክልተ - ንኣመሓዳሪን ኣካያዲ ስራሕን ተመሪጾም።

ኣመሓዳሪ ከተማ ከረን ኣቶ ዘርእዝጊ ዳዊት፡ ዝተመርጹ ኣመሓደርቲ ንዝተዋህቦም ሓላፍነት ብዝግባእ ክትግብሩ፡ ህዝቢ ድማ ኣብ ኩሉ ንጥፈታቶም ክተሓባበሮም ተላብዩ።

ኣብ ንኡስ ዞባ ዒላበርዕድ እውን ብተመሳሳሊ፡ ኣብ 14 ምምሕዳራት ከባቢ ምርጫታት ኣመሓደርቲ፡ ኣካየድቲ ስራሕን ኣባጦርቲ ዓድን ከም እተኻየደ ወኪል ኤሪና ሓቢሩ።

ፍልይቲ ዕለት - ፍሉይ ታሪኻዊ ፍጻመ

ጳውሎስ ነታባይ

11 መስከረም 2018 ፈረንጂ፡ ከም ዕለት ፍልይቲ እያ። እቲ ምንታይሲ፡ 1 መስከረም 2011 - ሓድሽ ዓመት ግእዝን 1 መሓረም 1440 - ሓድሽ ዓመት ህጅሪያን ዝተጋጠማላ ብምዃና። መዘኻኸሪ ዝሓለፈት ታሪኻዊ ፍጻመ እውን ፍልይቲ ይገብራ። ምኽንያቱ፡ ብሰንኪ ኩናት ንኣስታት 20 ዓመታት ተረጊጡ ዝጸንሐ፡ ንኤርትራን ኢትዮጵያን ዘራኽብ ክልተ መስመራት መጎዓዝያ ምድሪ ደባይሲማ - ቡሬን ሰርሓ - ዛላምበሳን ዳግም ንኣገልግሎት ህዝብን ንብረትን ብወግዒ ዝተኸፍተላ እያ።

ኣብ ከባቢ ቡሬ ንዝቖየድ ታሪኻዊ ፍጻመ ንምቕላሕን ንምስናድን ዝተማዘዘ ጉጅለ ጋዜጠኛታት ሚኒስትሪ ዜና፡ ሰዓት 4፡00 ወጋሕታ'ዩ ናብ ኣህጉራዊ መዓርፎ ነፈርቲ ኣስመራ ዝበገሰ። ብድሮ ብርቱዕ ዝናብ ወቒዑ ስለዝነበረ፡ ሓያል ቍሪ'ዩ ነይሩ። ዘድሊ ቅጥዕታት ኣማሊእና ድማ ንምብጋስ ተዳለና።

ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ፡ ሚኒስተር ጉዳያት ወጻኢ ኣቶ ዑስማን ሳልሕ፡ ኣማኻሪ ፕረዚደንት ኣቶ የማነ ገብረኣብን ዝሓፈረት ነፋሪት መንገዲ ኣየር ኤርትራ፡ ሰዓት 5፡15 ናብ ዓሰብ ነቒላ። ድሕሪ ናይ ኣስታት ሓደ ሰዓት በረራ፡ መዓርፎ ነፈርቲ ዓሰብ ኣብ ዝበጽሓትሉ፡ ሰማያት ሰገለት'ኳ እንተነበሩ፡ ረሀዩን ጸቐጢን ዝዓብለሎ ኩነታት ክሊማዊ ተቐቢሉና። ወርሓቱ መስከረም ብምዃኑ ድማ፡ መምስ ዝተቛጸረት ደቒቕ፡ ዳህሪ ብሓደ ዲግሪ ሰንቲ-ግሬድ ዘወሰኽ እንክመስል፡ መመሊሱ ክዓርግ ተፈለጠና።

ሰዓት 7፡15፡ ብሸነኽ ምብራቕ መዓርፎ ነፈርቲ ዓሰብ፡ ቦዪንግ 737-800 ዝዓይነታ ነፋሪት መንገዲ ኣየር ኢትዮጵያ ትሐታ ተቐልቀለት። ድሕሪ ሐደት ደቓይቕ ኣብ መሐምበ ጽርግያ፡ መውረዲ ኣሰላ ናብ'ታ ነፋሪት ተጸግዐ። ጉራ-ጉራ ዝሕብሩ ወተሃደራዊ ልብሲ ዝወደየ ላዕለዋይ በዓል-ስልጣን ኢትዮጵያ ክወርድ ተራእዩ። ቀዳማይ ሚኒስተርን ጠቕላሊ ኣዛዚ ሰራዊትን ፈደራላዊት ደሞክራሲያዊት ሪፓብሊክ ኢትዮጵያ ዶክተር ኣብይ ኣሕመድ። ኤታ ማዦር ሹም ሰራዊት ምክልኻል ኢትዮጵያ ጀነራል ሰዓረ መኮንንን ምክትል ቀዳማይ ሚኒስተር ደመቀ መኮንንን እውን በቡሓደ ሰዓቡ። ፕረዚደንት ኢሳይያስን

ምስኡ ሓብሮም ዝተጓዕዙ ላዕለዎት ሰበ ስልጣን ኤርትራን ድማ፡ ድሙቕ ኣቀባበላ ገይሮምሎም።

ብድሕሪ'ዚ፡ ኣብ'ቲ መዓርፎ ነፈርቲ ዝጸንሓ ሰለስተ ሄሊኮፕተራት ሓይሊ ኣየር ኤርትራ፡ ብቐጽበት ሓንቲ ድሕሪ ሓንቲ ሞቶረታተን ኣተንሲኤን። መዓርፎ ነፈርቲ ዓሰብ፡ ብድምጺ ተናወጸ። ነፍሲ-ወከፍና ናብ ዝተመደብትሉ ሄሊኮፕተር ምስ ተሰቐለ ድማ፡ ጉዕዞ ናብ '71' - ከባቢ ቡሬ ኩይኑ። ኣብ ጉዕዞና፡ ኣብ'ቲ ጸሓ ዝበለን ዝኾነ ህይወታዊ ዝኑብሮ ዘይመስልን ብማስኮት ዝረኣናዮ ቀላጥ ገላጉል፡ ሓይልታት ምክልኻል ኤርትራ ልኡላውነት ሃገር ክዳፍር ንዝመጸ ወራራት ዘፍ ዘበሉሉ፡ ምልክት ሓያል መኸተን ዘይተጸዓደነትን ዝኾነ ዝተኣሳሰረ ድፋዓት፡ ብንጹር ደርኤ።

እተን ሰለስተ ሄሊኮፕተራት፡ ሰዓት 8፡10 ኣብ'ቲ ናይ መውዳእታ መከላኸሊ መስመር ሓይልታት ምክልኻል ኤርትራ ዝነበረ ከባቢ ቡሬ ከከም ኣብጋግሶአን ምስ ዓለባ፡ ኣብ'ቲ ከባቢ ዝርከብ ሰራዊት ኤርትራ፡ ብዘይካ'ታ ምልክት ቃልስን ማስዋእትነትን ዝኾነት ጥወዮ ነጸላን ብራኽ ማይን፡ ብዘይዝኾነ ዕጥቂ ብኽልቲኡ ሸነኽ ናይ'ቲ ብቐጥራን ዝተሰበጠ መስመር ንኣስታት ሰለስተ ኪሎ-ሜተር ተዘርጊሑ፡ ንፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂን ቀዳማይ ሚኒስተር ኣብይ ኣሕመድን፡ ብኽብሪ ተቐቢልዎም። ክልቲኦም መራሕቲ እውን፡ ካብ'ቲ ብሸነኽ ኤርትራ ነቲ ጸምብል ዝተተኽለ ዳስ ክሳብ'ቲ ብሸነኽ ኢትዮጵያ ንተመሳሳሊ ዕላማ ዝተተኽለ ካልእ ዳስ ብእግሪ እናተጓዕዙ፡ ነቲ ታሪኻዊ ፍጻመ - ኣብታ ፍልይቲ ዕለት ንምጽምባል ንዝተኣከበ ህዝብን ሰራዊትን ሰላምታን ሰናይ ምንዮትን ኣቕሪቦም።

ኣብ'ቲ ንምቕባል ክልቲኦም መራሕትን ምብፃር ዳግመ-ምኽፋት ናይቲ መስመርን ዝተኻየደ ስነስርዓት፡ ብወገን ኤርትራ ሚኒስተር ጉዳያት ወጻኢ ኣቶ ዑስማን ሳልሕ፡ ኣማኻሪ ፕረዚደንት ኣቶ የማነ ገብርኣብ፡ ኣዛዚ ሓይሊ ባሕሪ ኤርትራ ሜጀር ጀነራል ሑመድ መሓመድ ካሪካሪ፡ ኣመሓዳሪ ዞባ ደቡባዊ ቀይሕ ባሕሪ ኣምባሳደር መሓመድ-ሰዒድ ማንታይ፡ ኣዘዝቲ ሰራዊትን ካልኦት ሰበስልጣንን፡ ብወገን ኢትዮጵያ ድማ ኤታ ማዦር ሹም ሰራዊት ኢትዮጵያ ጀነራል ሰዓረ መኮንንን ምክትል ቀዳማይ ሚኒስተር ደመቀ መኮንንን፡ ከምኡ'ውን ሱልጣን ረሓይታ ዓብዱልቓድር ዳውድ ዝርከብዎም ዓበይቲ ዓድን መራሕቲ ሃይማኖትን፡ ብኣማኢት ዝቚጸሩ ኣባላት ሓይልታት ምክልኻል ኤርትራን ኢትዮጵያን ተረኺቦም ነይሮም።

ድሕሪ'ቲ ጸምብል፡ ወለንታዊ ምትሕውዋስ ሰራዊት'ዩ ተራእዩ። ሓሙዳዊ ወተሃደራዊ ክዳንን ሹዳን ዝለበሱ ኣባላት ሓይልታት ምክልኻል ኤርትራን ቀጠልያ ወተሃደራዊ ክዳንን ጸሊም 'ጃኬት'ን ዝወደዩ ኣባላት ሰራዊት ምክልኻል ኢትዮጵያን ክተሓቛቖፉን ናይ መዘከርታ ስእሊ ብሓኒብን ብንጹልን ክስንዱን እዩም ተራእዮም። 'ታች' ሞባይላት ምልሕ - ምልሕ በሉ። ኣማን ብኣማን - ፍቕሪ ይስዕር!

ዝተወከሰናዮም ኣባላት ሓይልታት ምክልኻል ኤርትራ፡ ሓለፊኦም - ተራኦም፡ ንእሽቶኦም - ዓቢኦም፡ ጓሎም - ወዶም፡ ቃሎም ሓንቲ'ያ ነይራ። "እዚ ተረኺቡ ዘሎ ሰላም፡ ፍረ ጽንዓት፡ ሓያል መኸተ፡ ረዚን መስዋእትነትን ዘይተጸዓደነትን መላእ ህዝቢ ኤርትራ ብሓፈሻ መንእሰይ ወለዱ ድማ ብፍላይ፡ ከምኡ'ውን ልዑና መራሕነትና እዩ'ሞ፡ ንዝጠፍአ ዕድላት ብልምዓት ንምኽሓሱ ወትሩ ድሉዋት ኢና።" ብምባል፡ ርሑስ በዓል ቅዱስ የሃንስ፡ ሓድሽ ዓመት ግእዝ፡ ሓድሽ ዓመት ህጅሪያን ሰናይ ክረምትን ተመንዮም።

ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂን ቀዳማይ ሚኒስተር ፈደራላዊት ደሞክራሲያዊት ኢትዮጵያ ዶክተር ኣብይ ኣሕመድን ምስኦም ዝተጓዕዙ ላዕለዎት ሰበስልጣን ክልቲአን ሃገራትን ድሕሪ'ዚ ዳግመ-ምኽፋት መስመር ደባይሲማ - ቡሬ ዝዘበሰረሉ ስነ-ስርዓት፡ ናብ ኣስመራ ብምምላስ፡ ንተመሳሳሊ ዕላማ ናብ ቐጥጣ ዶብ ሰርሓ - ዛላምበሳ እዮም ኣምሪሖም። ብኽልቲኡ ወገን ኣብ ዝተኻየደ ብስዕዩታትን ምጉዓብ ስለማትን ኣፍራሰን ዝተሰነየ ስነስርዓት ድማ፡ ምኽፋት ናይ'ዚ ንኣስታት ክልተ ዓሰርተ ዓመታት ኣገልግሎት ኣቋሪጹ ዝጸንሐ ምስ ወደብ ባጽዕን ካልኦት ከተማታት ኤርትራን ዝተኣሳሰር መስመር ኣበሲሮም።

እቲ ብ9 ሓምለ 2018 ዝተኸተመ "ሓባራዊ ኣዋጅ ሰላምን ምሕዝነትን"፡ ኣብ መንጎ ኤርትራን ኢትዮጵያን ናይ መጎዓዝያ፡ ንግዲን ቴሌኮሚኒኬሽንን ርክብ እንደገና ክጅምር ዝብል ነጥቢ ደርኪቡ። በዚ መሰረት፡ ቀጥታዊ ኣገልግሎት ቴሌኮሚኒኬሽን ብ9 ሓምለ፡ ኣገልግሎት መጎዓዝያ ኣየር 18 ሓምለ፡ ኣገልግሎት መጎዓዝያ ባሕሪ ድማ 5 መስከረም ክምዝጀመረ ይዝከር።

እዚ፡ ምስ ዳግመ-ምኽፋት መስመራት መጎዓዝያ ምድሪ ደባይሲማ - ቡሬን ሰርሓ - ዛላምበሳን ተደሚሩ፡ "ክልቲኦም መንግስታት፡ ህያው ረብሓታት ህዝብታቶም ንዘገልግልን ዘሳጉምን ጥቡቕ ፖለቲካዊ፡ ቁጠባዊ፡ ማሕበራዊ፡ ባህላውን ጸጥታውን ምትሕብባር ክሰርሑ፣ ከምኡ'ውን ኣብ መንጎ ክልቲአን ሃገራት፡ ናይ መጎዓዝያን ንግድን ቴሌኮሚኒኬሽንን ርክብ እንደገና ክጅመር" ዝብል ካልኣይን ሳልሳይን ዓንቀጻት "ሓባራዊ ኣዋጅ ሰላምን ምሕዝነትን ኤርትራን ኢትዮጵያን"፡ ኣብ ውሽጢ ክልተ ኣዋርሕ ምሉእ ብምሉእ ምትግባሩ ዘረጋግጽ'ዩ።

ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

ዋና ኣሰናዳኢ

ኣስፍሃ ተኽለማርያም
ቍ.ስ 116266 / 201820(2220)

ቦርድ ምስንዳእ

ብርሃነ ምሕረትኣብ
ዮሴፍ ሃይለማርያም
ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል
ኤርምያስ ገብረልዑል
ሺሃብ ኣርኣያ
ቍ.ስ 201820 (2214)
ፋክስ፡ 127749 - ቍ.ሳ.ጶ. 247

ምዝርጋሕ ጋዜጣ
ቍ.ስ. 200454-07121322

ምልክታ
ቍ.ስ. 125013 - ቍ.ሳ.ጶ. 1284

ለይ-ኣውት

ኤደን ሃብተኣብ
ሳራ ኣለም
ሰማያዊት ሓይለኣብ
ምስጋና ተዓገስ
ሰገን ሰረቐ
ኣስቴር ካሕሳይ
ሳምራዊት መለስ



ሞዚላ፡ ንተጠቀምቱ ተስፋ ዝሀብ ዜና ዘርጊሑ

ኣብ ዓለምና ሓደ ካብቶም ፍሉጣትን ብብዝሒ እንጥቀመሉምን ‘ሞዚላ ፋየር-ፎክስ’ ዌብ ብራውዘር ወይ መማእረሪ ዌብ-ሳይታት እዩ። እዚ ኩባንያ ኑቶም ብሳልሳይ ኣካል ተኸታተልቲ ዝፍለጡ ትካላት ኣገልግሎት ካብ ምሃብ ከቋርጽ ምዃኑ ሓቢሩ ኣሎ።

እቲ ትካል ነዚ ዝበል ዘሎ፡ ዝኾነ ተጠቃሚ ዝኾነ ዓይነት ዌብ-ሳይት ኣብ ዝኸፍተሉ እዋን ዝበዝሕ ካብቲ እቲ ገጽ ናይቲ ዌብ-ሳይት ክመጽእ ዝሕልፎ ግዜ ከም ዝወስድ ስለ ካብቲ ሓንቲ ዌብ-ሳይት ሎድ ገይራ ክትመጽኣና ዝግበኦ ግዜ ከም እትድንጉ እዩ። እዚ ከኣ ብሰንኪ እቶም ሳልሳይ ኣካል ተኸታተልቲ ከም ዝኾነ እዩ ዝገልጽ።

ካልእ ኣብ ዩኒቨርሲቲ ዋሺንግቶን ዝመደበሮም ተመራመርቲ ኣብ 2016 ኣብ ዘካየድዎ መጽናዕቲ ከም ዘረድኦ፡ ኣስታት 75 ሚእታዊት ካብተን ኣብ ዓለምና ግሉን ስም ዘለወን ልዕሊ 500 ዌብ-ሳይታት ናይ ዌብ መከታተሊ ሶፍት-ዌራት ከም ዘለወን እዩ።

ዝጉብሮ እዩ። እዚ ከኣ ከም በዓል ጉግልን ፈይስ-ቡክን ዝኣመሰላ ዓበይቲ ኩባንያታት ከይተረፈ ኑቶም ኣገልግሎተን ዝጥቀሙ ዓማዊለን ብመንገዲ ብራውዘርስ ገይረን ንነፍሲ ወከፍ ምንቅስቓሳቶም ዝከታተላ ብምዃነን እዩ።

ኈስተረ ዝተባህለ ትካል ኣብ ዘካየዶ መጽናዕቲ፡ 55.4 ሚእታዊት ትካል ሞዚላ፡ ንተጠቀምቱ ቅልጡፍ ኢንተርነት ንኸስተማቕሩ ዘኽእሎም ሶፍት-ዌር ኣብዚ ሕጂ ዘርጊሕዎ ዘሎ ብራውዘር ክዝርግሕ ምዃኑ፡ እዚ ጽቡቕ ግብረ-መልሲ እንተረኺቡሉ ከኣ ዝመጽእ ወርሒ ጥቕምቲ ናብ ህዝቢ ዝዝርግሖ ‘ፋየር-ፎክስ 63’ ምሉእ ብምሉእ ከተኣታትዎ ምዃኑ ሓቢሩ።

ሓጸርቲ ዜናታት ሳይ-ቴክ . . .

ኣካላዊ ምንቅስቓስ ምዝውታር ኣብ ምጉዳል ሕማም ኣልዛይመር ተራ ከም ዘለዎ ተመራመርቲ ሓቢሮም

ኣርቲፊሻዊ ሽግረት ንተመራመርቲ መበገሲኦም ዘይፍለጥ ‘ኮዝሚክ ራድዮ በርስት’ ኣብ ምፍላጥ ክሕግዝ ከም ዝኽእል ተገሊጹ።

ኣብ ኤም.ኣይ.ቲ ዝመደበሮም ተመራመርቲ፡ ኣብ ሞንጎ ኣብ ትሕቲ ማይን ኣብ ኣየርን ርክብ ክጉብር ዝኽእል መሳርሒ ከም ዘማዕበሉ ገሊጾም።

ተመራመርቲ ስነ-ከዋኽብቲ ወይ ኣስትሮኖመርስ ቅድሚ ሕጂ ተዳህሲሶም ዘይፈልጡ ሓቅታት ብዛዕባ ‘ሚልኪ-ወይ ጋላክሲ’ ከም ዝረኸቡ ሓቢሮም።

ቢራ ምስታይ ምስ መንሸሮ ፕሮስተይት ምትሕሓዝ ከም ዘለዎ ተመራመርቲ ገሊጾም።

3D ሓታሚት ኣብ ምርኢት ኤክስፖ 2018

እዚ ሒዝናዮ ዘሎና መበል 21 ክፍለ ዘመን፡ ብዘመነ ቴክኖሎጂካዊ ምዕባለ እዩ ዝፍለጥ። ብኸምዚ ክፍለጥ ዝገበሮ ምኽንያት ከኣ ንነፍሲ-ወከፍ ሰብ ዝጠፍኦ ኣይመስለንን። ከም መርኣያ ናይ’ዚ ድማ ዓለምና ካብ መዓልቲ ናብ መዓልቲ ብቴክኖሎጂካዊ ምዕባለታት ናህራ እናወሰኸት ንቕድሚት ትውንጨፍ ኣላ። ኣብ ዝሓለፉ ዓመታት ዝተኻየዱ መጽናዕቲታት ከም ዝገልጽዎ፡ ኣብ ነፍሲ-ወከፍ ክልተ ዓመት ሓደ ሰብ ዝፈልጦ ወይ ዝተመሃሮ ፍልጠት ፍርቂ ብኻልእ ካብኡ ብዝተማሓየሸ ፍልጠት ወይ ቴክኖሎጂ ይቕየር፣ እዚ ማለት ድማ ኣብ ነፍሲ-ወከፍ ክልተ ዓመት ፍርቂ ካብቲ እትፈልጦ ብኻልእ ተቐይሩ ኣሎ። እዚ ከኣ ኩሉ ግዜ ምስ ቅልጣፈ ዓለምና ክንኸይድ ከም ዘሎና ዝሕግዝ መጠንቀቕታ እዩ። ኣብ ኩሉ ክሊ ዕድመ ዝርከብ ቈልዑ፡ መንእሰይ ወይ ዓቢ ኣብ ስርሑ ዚያዳ ንኸድምዕ ንስርሑ ዝምልከት ጽሑፋትን ትምህርቲን ሃሰው ምባል የድልዮ። በዚ ከኣ ካብቶም ኣብ ካልእ ኩርናዕ ናይ ዓለምና ዝርከቡ መዛኖኡ ብፍልጠት ዘልሓጥ ኣይብልን።

ከም ኣብቲ ናይዚ ከኣ፡ ኣብ ቶጎን ጋናን ዝኦብሩ መንእሰያት ኑቲ ካብ ዝተፈላለየ ምዕቡላት ሃገራት ናብ ሃገራቶም ዝጕሓፍ ኤለክትሮኒካዊ ኣቕሓ ብምጥቃም ዝተፈላለዩ ወሃ ዘበሉ መሳርሒታት ክሰርሑ ተዓዚብና ኢና። እዚ ድማ ኑቶም “እኹል መሳለጥያታት ኣይረኸብናን” ዝብል ምኽንያት እናፈጠሩ ብሰንኪ ትህኪት ሕልሞም ሕልሚ ጥራይ ኰይኑ ዝተርፍ ሰባት፡ ዓቢ ትምህርቲ ኰይኑ እዩ። እቶም ኣብ’ዘን ሃገራት ዝኦብሩ በሉሕቲ መንእሰያት ከም 3D ሓተምቲን ካልኦትን ዓይነት መሳርሒታት ካብ ተበላሽየን ዝተደርበያ ኮምፕዩተራትን ካልእ ኤልክትሮኒካዊ መሳርሒታትን ብምውሳብ እዮም ኑቲ ድንቂ ስራሓት ክየጽዎ ዝኸኣሉ።

ኣብ ሃገርና’ውን ዘዋም ከምዚኦም ዓይነት ከም እሾኽ ዝምብልሑም መንእሰያት ዝመሃዝዎን ዝሰንዑዎን መሳርሒታት ንህዝቢ ዘላልዩሉ መድረኽ ኣሎ። ንሱ ድማ መድረኽ ምህዞን ሰንዓን ኤክስፖ። እቲ ሎሚ ዓመት ኣብ ኣደራሽ ጂ-3 ንምርኢት ቀሪቡ ዝቐረበ ስራሓት፡ ንሓደ ካብ ሓደ ክትፈልዮ ዘጸግም ድንቂ ስራሓት እዩ ነይሩ። ንሎሚ ኣብዛ ዓምዲ ሒዝናልኩም ቀሪብና ዘሎና ጽሑፍ፡ ብጕዘእ ዓቕሞም ናይ 3D ሓታሚት ሰሪሖም ዝቐረቡ መንእሰያት ዘላሲ እዩ ክኸውን።

እዞም ሎሚ ዓመት ብዓውዲ ምህንድስና ኮምፕዩተር ናይ ሓምሻይ ዓመት ትምህርቶም ዝዘዙሙ ሸድሽተ መንእሰያት ሐሪጣ ዝቐረቡ ናይ 3D ሓታሚት ማሺን፡ ኣብ ኮሌጅ ምህንድስና ኣብ መወዳእታ ዓመት ኣብ ዝዓልውዎ ግብራዊ ስራሕ እዮም ኣዳልዮሞ።

እዞም ሸድሽተ ዝብዙሖም ኣባላት’ዛ ጉጅለ፡ ነዛ 3D ሓታሚት ንምድላው ዘበገሶም ብቐንዱ፡ እዚ ዓይነት ቴክኖሎጂ

ክልተ ካብ ሰራሕቲ 3D ሓታሚት ዝኾኑ ሰለሙንን ኣቤልን

ኣብ ዓለም ምሉእ ኣብ ዝተፈላለዩ ዓውዲታት ልዑል ኣስተዋጽኦ ይገብር ብምህላዉ እዩ። እዛ ጉጅለ እምበኣር ነዚ ቴክኖሎጂ ኣብ ዓድና ብዝሓሰረን ብዝቐለለን መንገዲ ንምስራሑ እያ ተበጊሳ።

ኑቲ ሓሳብ ምስ ኣበገሰት ድማ ኣስታት ሸድሽተ ኣዋርሕ ዝወሰደ መጽናዕቲታት ኣካየደት። ኑቲ ዝተረፈ ምድላው ንድፊን ምእካብ ወይ ምጥላብ ተረር-ንዋት (hardware)ን ከኣ ኣብቲ ዝተረፈም ግዜ ዛዘምዎ።

እዚ ግን ብቐሊል መጽናዕቲ ኣኪይድካ ሰሪሕካ ዝውዳእ ዘይኮነ፡ ክንደይ ተሰፋ ናብ ምቍራጽ ዝወሰድ ውረድ-ደይብ ኣሕሊፍካን ምንባሩ እዮም እቶም ሰራሕቲ ዝገልጹ። ንኣብነት እቲ ኣብዚ ዓዲ ክሰናዕ ዘይክእል ንብረታት ካብ ደገ ተላኢኹ ምስ መጽአ ንፈተነ ይግጠም እሞ ዘይተሓሰበ ናይ ምቅጻል ወይ ዘይምስራሕ ባህርያት የርኢ። እዚ ከኣ ካልእ ኣማራጺታት ክትደሊን ክትበላሓትን ዘገድድ ምንባሩ እዩ።

ኑቲ ካብ ወጻኢ ዝመጽአ ኣቕሑ ምስቲ ባዕላቶም ዝሰንዑዎ መሳርሒታት እናኣገጣጠሙ ከኣ ናብ ምስራሕ ሶፍት-ዌር እዮም ኣትዮም። እዚ ካልኣይ ስራሕ ናይ 3D ሓተምቲ ሶፍት-ዌራት ምርኩሱ ብምግባር ሓድሽ ብምስራሕን ንገሊኡ ድማ ከም ዘለዎ ብምጥቃምን እዩ ተኻዪዱ። ን Slicer-3r ዝበሃል ንሰእሊ ወይ ንድፊ ናብ ናይ ኮምፕዩተር ትእዛዝ ዝቕይር ሶፍት-ዌር ከም ዘለዎ ክጥቀሙሉ እንከለው፡ ንጅርብል ዝበሃል ንምንቅስቓሳት ሞቶረታት ዝቆጻጸር ሶፍት-ዌር ከም ሞደል ብምውሳድ ከኣ ባዕላቶም ዘድልዮም ሶፍት-ዌር ከም ዘማዕበሉን ካልኦት ሶፍት-ዌራት እውን ንገሊኦም ንኣሸቱ ለውጥታት ብምግባር ምስ ስርሖም ከም ዝሰማማዕ ገይሮም ከም ዘዳለውዎን ይገልጹ።

ዝኢ ኩሉ ንምግባር ግን ኣብ ሓደ መዓልቲ ዘጥረይዎ ክእለት ኣይኮነን። እዞም ተመሃሮ ምስ ከምኦም ዝኣመሰሉ ኻልኦቶ መዀኦም እናተወዳደሩ ንሓምሽተ ዓመታት ኣብ ኢንስቲትዩት ቴክኖሎጂ ኤርትራ ማይ-ንፋሕ፡ ዝተፈላለዩ ሶፍት-ዌራትን ሞደላትን እናኣዳለዉ ንክእለቶም ከዕብዩ ድሕሪ ምጽናሕ እዮም ነዚ ፕሮጀክት ምስራሕ 3D ሓታሚት ብዓወት ኣብ መፈጸምታኡ ከብጽሕዎ ዝኸኣሉ።

ንሳቶም፡ እዚ ሕጂ ኣዳልዮሞ ዘለዉ ናይ መወዳእታኦም ከም ዘይኮነውን እዮም ዝሕብሩ። ኣብ’ዚ ዝሓለፈ ቅንያት ኤክስፖ በቲ ዘቕረብዎ ካብ ብዙሓት ሰባት ናእዳ ከም ዝተረፈሎም ብዙሓት ሞያውያን እውን ነዚ ቴክኖሎጂ ኣብ ዓውዲታቶም ንምእታው ይከኣል እንተኾይኑ ከም ዝሓተትዎም እዮም ዝገልጹ።

ብዘይካ’ዚ፡ እዛ ሕጂ ኣዳልዮማ ዘለዉ 3D ሓታሚት ብኸመይ ብዝሓሰረን ካብ ወጻኢ ሃገር ንብረት ከይጠለብካ ምሉእ-ብምሉእ ኣብ ውሽጢ ሃገር እትሰርሓሉ መንገዲታት ከናድዩ ምዃኖምን ኣባላት እዛ 3D ሓታሚት ዝሰርሑ ኣቤል ጉብረሱ፡ ሰለሙን ሃብተዝጊ፡ ሰላሕ ኣሕመድ፡ ሮቤል ጴጋይ፡ ቢንያም ነጋሲን ሰላሓዲን ኢብራሂምን ወሲኾም ይሕብሩ።

ኣብ’ዚ ሕጂ እዋን ኣብ ዓለምና ብዙሓት ዓይነታት 3D ሓተምቲ እየን ተማሂዘን ኣብ ግብሪ ዝውዕላ ዘለዋ። እዚ ዓይነት ቴክኖሎጂ ኣብ ብዙሓት ኣብ መጻኢ እንጥቀመሎም ኣቕሑ ጕዙ ክዳን ግዝን መግቢ’ውን ከይተረፈ በዚ ኣገባብ ዝተሰርሐ ከም ዝኸውን ኣይጠራጠርን። ንኣብነት ንመርኣዩ ተባሂሉ ዝቐረበ ኣብ ኣመሪካ ብናይ 3D ሓታሚት ዝተሰርሐ ገዛ ኣብ መደብር ቴለቪዥን በበሲ ኣብ ናይ ቴክኖሎጂ መደብ ‘ክሊክ’ ዝቐረበ ብ3D ሓታሚት ዝተሰርሐ መግቢ’ን ኣብ ዝሓለፈ ወርሒ ናብ ጸሓይ ዝተላእከት መንኩርኮር ዘሎ ገለ ክፋላታ በዚ ቴክኖሎጂ ዝተሓትመ እዩ።

ምዕባለ ቴክኖሎጂ ነዚ ዝመስል ካብ ኮነ፡ ኑቶም ክበላሓቱ ዝውዕሉ ደቅናን ኣሕዋትናን ናብ ዓወት ንኸበጽሑ ሓገዝናን ሞራልናን ኣይፈለዮም።

ጸጋታት ባሕሪ

ተኸለ መንግስቱ

ውሁድ ምሕደራ ገማግም ባሕሪ

ከም ዝፍለጥ ኣብዚ ዘለናዮ ዘመን ብሰንኪ ዘይቅርዑይ ምሕደራን ኣጠቓቕማ ጸጋታትን ብዓበኡ ድማ ኣተሓሕዛ ከቡበን፣ ጸጋታት እናተጓሕጎሐ፣ ኣከባቢ እንናበረሰን እናዓነወን ብምምጽኡ ኩነታት ከባቢና ካብ ግዜ ናብ ግዜ እናተቐየሩን እናኸፍኡን ይኸዱ ምህላዎም ካብ ማንም ዝተሰወረ ሓቂ ኣይኮነን። ጠንቂ ናይዚ ኩሉ ከኣ ዘንበዕ ኣጠቓቕማን ኣተሓሕዛን ጸጋታት ምዃኑ ክኢላታት ናይ ዝተፈላለዩ ዓውድታት ዝምስክርዎ ሓቂ'ዩ። ምውሳኽ ዓለማዊ ዋዒ ከም ኣብነት እንተርኢና፣ ቀንዲ ጠንቂ ናይ ምብራኽ ዓለማዊ ዋዒ፡ ብሰንኪ ዘይቅርዑይ ኣጠቓቕማ ደቂ ሰባት ዝስዕብ ብከላ ኣየር ኮይኑ ከም ሳዕቤኑ ከኣ ኣኻውሕ በረድ ዓለምና እናሓቀቑ ብምምጽኦም ከም ቀንዲ ጠንቂ ናይ ምውሳኽ ምልኣተ ባሕሪ ኮይኑ ይርከብ። ከም ሳዕቤን ምውሳኽ ምልኣተ ባሕሪ ከኣ ኣብ ዝስዕብ ዓመታት ኣብ ብዙሕ ከባቢታት ዓለም ዕልቕልቕ ክፍጠር ምዃኑ ክኢላታት ናይዚ ዓውዲ ክሕብሩ ጸኒሖምን ኣለዉን። ኣብ ዝሓለፈ እዋናት ዝወሃብ ዝነበረ ሓበሬታ ከም ዘመልክቶ፡ ኣብ ዝመጽእ 100 ዓመት ካብ 0.5 ክሳብ 1 ሜትሮ ምውሳኽ ምልኣተ ባሕሪ ክርአ ዝእንፍት'ኳ እንተነበረ ኣብ 2016 ዝወጸ ሓበሬታ ከም ዝሕብሮ ግን ምልኣተ ባሕሪ ክሳብ 1.14 ሜትሮ ክውሰኽ ከምዝኽእል ዘመልክት'ዩ።

ምሕደራ ጸጋታት ሰፊሕ ኣምር ዘለዎ ኮይኑ ገለ ካብኡ ዘለካ ጸጋታት እንታይን ኣበይይ ብዋዕቱእ ምልላይ፡ ዘለካ ጸጋታት እንታይ ኣብ ምንታይ መዓላ የገልግል ብጽኡይ ምፍላጥ፡ ምዕሩይ ምቕረሐ ጸጋታት ምርግጋጽ፡ ዘለካ ጸጋታት ቁጠባ ሃገር ኣብ ምብራኽን ውሕስነት መግቢ ኣብ ምርግጋጽ ኣብ ዝጻወቶ ቃልሲ እጃሙ ዘበርክተሉ ሜላታት ምፍጣር፡ ዘለካ ጸጋታት ኣብ ረብሓ ሃገርን ህዝብን ምውዓል፡ ብሓፈሻ ድማ ዘለካ ጸጋታት ካብ ወለዶ ናብ ወለዶ ዘሰጋግረሉ ሜላ ኣጠቓቕማ ጸጋታት ምፍጣር ዘጠቓልል'ዩ። ውሁድ ምሕደራ ገማግም ባሕሪ (integrated coastal area management) ክበሃል ከሎ ድማ ገለ ክፋል ኣካል ሜላ ምሕደራ ኮይኑ ዝተፈላለያ ትካላት መንግስቲ፡ ሚኒስትሪታት፡ ኮማትን ውልቀ ትካላትን ኣብ ባሕሪ፡ ገማግም ባሕርን ደሴታትን ኣብ ዝግበር ንጥፈታትን ምዕባለታትን ዘለወን ጸጋታት ብጽኡይ ብምርዳእ ኣየናይ፡ ኣበይ፡ ንምንታይን ብኸመይን ኣብ ረብሓ ዝውዕለሉ መንገዲ ብምልላይ፡ ቀጻልነቱ ብዘውሕስ መንገዲ ንምጥቃም ናይ ሓባር ውጥን ንውምጻእ ወሀደት ዝፈጥር ኣገባብ ምሕደራ'ዩ።

ንሕና'ውን ከም ሃገር ኣብ እነካይዶ ቃልሲ ህንጻት ሃገር፡ ርእሰ ምኽኣል፡ ውሕስነት መግቢ ምርግጋጽን ጸጋታትና ካብ ወለዶ ናብ ወለዶ ንምስግጋር ኣብ ምዕቃብምን ምክትታሎምን ቅርዑይን ውርጹጽን ምሕደራ ምፍጣር መድረኽ ዝጠልቦ ሓቂ ኮይኑ'ሎ። ስለዝኾነ ሚኒስትሪ ሃብቲ ባሕሪ፡ ገማግም ባሕሪ፡ ባሕርን ደሴታትን ሃገርና ከምኡ'ውን ኣብ ውሽጦም ተሓቝፎም ዝርከቡ ጸጋታት ኣብ ኣድማዕነቶም ንምውዓል፡ ድሕነቶም ቀጻልነቶምን ንምርግጋጽ ህላወ ውሁድ ምሕደራ ገማግም ባሕርን ምቛም ሕጋውን ሓያልን በዓል መዚ ገማግም ባሕሪ ዕዙዝ ኮይኑ ስለ ዝተረኣየ፡ ኣብ 2006ን 2007ን ንድሬ ናይ ሰለስተ ሱዓት ማለት ኣብ 2006 ሃገራዊ ፖሊሲ ገማግም ባሕሪ፡ ኣብ 2007 ንምእዋጅ ውሁድ ምሕደራ ገማግም ባሕርን ንምቛም በዓል መዚ ምሕደራ ገማግም ባሕርን ዝሕግዞ ሱዓት ንትግባረ ድሉዋት ገይሩ ይርከብ። ዝቖወም በዓል መዚ ከኣ ካብ 13 ኣካላት መንግስቲ፡ ሚኒስትሪታትን ኮማትን ዝሓቑፍ ኮይኑ ንመንግስቲ ብምውካል ጸጋታት ባሕሪ፡ ገማግም ባሕርን ደሴታትን ድሕነቶምን ቀጻልነቶም ብዘውሕስ ሜላ ኣጠቓቕማ ኣብ ዘኾዅበሉም መዓላ ንምውዓል፡ ካብ ኩለን ጽላታት ንዝቐርብ ወጥናት ንምውህሃድ ዝጥፍ ምኻኑ እቲ ንድሬ ወሲኹ የረድእ።

ውሁድ ሜላ ምሕደራ ገማግም ባሕሪ ብሓፈሻ ብምምስራት መስመር ወይ ሕንጻጽ (setback development) ምሕደርኡ ይጅምር። እዚ መስመርዚ ሰጥ ዝበለ መስመር ኮይኑ ካብ ባሕርን ጽልዋ ባሕሪ ዘለዎም ዲናሚክ ቦታታትን ሰጊሩ ካብ ቀዋሚ ነገር ከም ዓበይቲ ኣግራብን ኣኻውሕን ወይ ካልእ ዘይቅዩር ቀዋሚ ነገር ዝጅምረሉ ብምብጋስ ናብ ንቑጽ መሬት ን100 ሜትሮ ዝዝርጋሕ መስመር'ዩ። እዚ መስመር'ዚ ድማ ዝኾነ ኣብ ገማግም ባሕሪ ክደኮን ዝድለ ትሕተ-ቕርጺ ናብ ንቑጽ መሬት ክኸዶ'ዚ ሕንጻጽ'ዚ እንተዘይ ኮይኑ ኣብ ውሽጢ'ዚ ኣቐዲሙ ዝተጠቕሰ ቦታ ክምስረት ኣየፍቅድን። እዚ ሜላ'ዚ ከኣ ኑቶም ብህይወታዊ ብዙሕነትን ካልእን ተኣቀፍቲ ዝኾኑ ኣከባቢ ብሰንኪ ዝትግበሩ ንጥፈታት ዝወርዶም ዕንወትን ብርሰትን ንምውጋድን መጻኢ ድሕነት ናይ ዝትግበሩ ንጥፈታት ንምውሓስን ዓቢ ተራ ይጻወት።

ኣብ ባሕሪ፡ ገማግም ባሕርን ደሴታትን ህንጸት ኣባይቲ፡ ቱሪዝማውን መዘናግዕን ኣገልግሎት፡ እንዱስትሪያዊ፡ መጎዓዝያ ባሕሪ፡ ሕርሻ ባሕሪ፡ ንግዳዊን ካልእ ባሕራዊ ኣገልግሎትን ምዕባለኣዊ ንጥፈታትን ምኪያድ ኣብ ዝድለዩሉ እዋን ድሕነትን ቀጻልነትን ንምርግጋጽ ኣብ ዝተመደበሎምን ዝዋጎበኦምን ቦታታት ብዋዕቱእ ምድኳን፡ ንምዕባለታት መሰረሒ ባሕርን ገማግም ባሕርን ከም ፍግረ መሬት፡ ዕልቕልቕ፡ ማዕበል፡ ምውሳኽ ምልኣተ ባሕርን ካልእን ኣብ ግምት ዘእተወ ጽኡይ ሓበሬታን ውጥንን ምድላው፡ ንድሕነት ህዝቢ፡ ኣከባቢን ኣገልግሎቱን ዝተቐመጡ ሕንጻጻት (setback) ግብራውነቶም ምክትታል፡ ምዕቃብን ምስሳንን ተፈጥሮኣዊ ጸጋታትን ባህላዊ ክብርታትን፡ ምሕላው ቅርጺ መሬትን ቀንዲ ዕላማታት ፖሊሲ ገማግም ባሕሪ ክኾኑ ከለዉ፡ ቀጻልነቱ ብዘረጋግጽ ኣገባብ ምጥቃምን ምምዕባልን ገማግም ባሕርን ደሴታትን፡ ምዕቃብ ተፈጥሮኣውን ባህላውን ጸጋታትን ክብርታትን፡ ንውሁድ ምሕደራን ምዕባለን ምርግጋጽ ተሳታፍነት ኩለን መሻርኽቲ ኣካላት ዋላ'ውን በርጌስ ዜጋትታ፡ ኮማት፡ ውልቀ-ትካላትን ውልቀሰባትን፡ ከምኡ ከኣ ምምስራት ኑቲ ብመንግስቲ ዝምዝዘ በዓል መዚ ካብ ቀንዲ ዕላማታትን ሸቶታትን ውሁድ ሜላ ምሕደራ ገማግም ባሕሪ'የም።

ኣብ ሜላ ውሁድ ምሕደራ ገማግም ባሕሪ ክልዓሉ ዝዋጎበኦም ኣገደስቲ ነጥብታት (ሕቶታት)፦ 1) ንዝኾነ ዝቐርብ እማመ ብመንጽር ካልኦት ውጥናት፡ ተፈጥሮኣውን ከቡቢያውን ኣገዳስነት፡ ዝቐረበ እማመ ኣብ ልክዕ ቦትኡ ተወጢኑ ምህላዉን ዘይምህላዉን ምርግጋጽ፡ ከምኡ'ውን ኣብቲ ቦታ ብምድኳኑ ኣብ ከባቢ ዘስዕቦ ጽልዋን ንባዕሉ'ውን በቲ ከባቢ ብኸመይ ይጽሎ ብዋዕቱእ ምርዳእ። 2) ቀጻልነት ዘውሕስ ሜላ ኣጠቓቕማ ንምኽታል ዝቐረበ ንጥፈት ኣብ ከቡበን ተፈጥሮኣዊ ጸጋታትን ክህልዎ ዝኽእል ኣጉዳሲ ጽልዋ ብዋዕቱእ ምግምጋም። 3) ጽልዋ ናይ ዝተወጠነ ንጥፈት ኣብ ኣከባቢን ተፈጥሮኣዊ ጸጋታትን ናይ ዝድኩኖ ስፍራ ጽኡይ ሓበሬታ ምእካብ። 4) ክስዕቡ ንዝኽእሉ ኣሉታዊ ጽልዋታት ንምውጋድ ክውሰዱ ዝዋጎበኦም ስጉምትታት ብንጹር ምልላይ። 5) ብመንጽር ቁጠባዊ፡ ባህላውን ከቡቢያውን ኣገዳስነቱ፡ ረብሓኡን ጉድኣቱን ብምንጽጻር ኣወንታውን ኣሉታውን ውጽኢቱ ብዋዕቱእ ምግምጋም ገለ ካብቶም ኣገደስቲ ነጥብታት'ዮም።

ዝበዝሓ ኣብ ገማግም ባሕርን ደሴታትን ተደኲነን ዝርከባ ዓድታት፡ ብዙሓት ሰብ ዘይነብረለን ደሴታትን ገማግም ባሕርን ሃገርና ካብ ጸፍሒ ባሕሪ ካብ ሓደ ሜትሮ ዘይሓልፍ ብራኽ ዘለወን፡ ብምውሳኽ ውሑድ ምልኣተ ባሕሪ ከዕለቕልቓን ብማይ ክውሓጡን ዝኽእሉ ቦታታት ውሑዳት ኣይኮኑን። ንኣብነት ደብባዊ ወገን ጥንታዊት ከተማ ባጽዕ 0.4 ሚ፡ ጥዋለት ከባቢ ግቢ 0.4-0.8 ሚ፡ ደብባዊ ምዕራብ ሆቴል ቀይሕ ባሕሪ 0.3-0.5 ሚ፡ ከባቢ ዲህላክ ሆቴል 0.65-1 ሚ፡ ከባቢ ቤት ጽ/ሚ/ ሃ/ ባሕሪ 0.3-0.4 ሚ፡ ጽርግያ ሆስፒታል ባጽዕ 0.5 ሚ፡ ኩትምያ ከባቢ እንዳ ኮርያ 0.4 ሚ፡ ዕዳጋ፡ ምዕራባዊ ባንኪ ዕዳጋ ብዕራይን ሰገን ሆቴልን ትሕቲ ጸፍሒ ባሕሪ፡ ከባቢ ሓይሊ ኤለክትሪክ ሕርጊጎ ኣጀኘን 0.3-1 ሚ፡ ከምኡ'ውን ደሴት ሸኽ ሰዒድ ወሰንቲ ንእሽቶ ክፋላ ጉዳኣ ኣብ ጸፍሒ ባሕሪ ትርከብ። ስለዚ ምልኣተ ባሕሪ በዚ ኣብ ላዕሊ ዝተዓዘብናዮ መጠን ምስ ዝውሰኽ ህዝቢ ዝነብረሉምን ዘይነብረሉምን ብዙሓት ከባቢታት ገማግም ባሕርን ደሴታትን ሃገርና ብማይ ከዕለቕልቑን ክድፈኑን ምኻኖም ዘማትእ ኣይኮነን። ስለ ዝኾነ ኣብ ገማግም ባሕርን ደሴታትን ንመጻኢ ዝወጠኑን ብገዚፍ ወጻኢታት ዝትግበሩ መደባት ልምዓትን ካብ ዝስዕብ ስግኣት ንምድሓንን ብሰንኪ ዘይግቡእ ኣጠቓቕማ ጸጋታት ዝስዕብ ብርሰትን ዕንወትን ኣከባቢ ንምድሓን ምቅልጣፍ ትግባረ ውሁድ ሜላ ምሕደራ ገማግም ባሕሪ መተሓሳሰቢ ዘድልዮ ጉዳይ ኣይኮነን።

ብሓፈሻ ውሁድ ሜላ ምሕደራ ገማግም ባሕሪ ብሰንኪ ኣብ ገማግም ባሕሪ ዝትግበሩ ናይ ምዕባለ መደባት ዝወርድ ዕንወትን ብርሰትን ናይ ተኣቀፍቲ ቦታታት ንምውጋድ፡ ብሰንኪ ምዕባለታት መሰረሕ ባሕርን ገማግም ባሕርን ከም ብርቱዕ ዕልቕልቕ፡ ማዕበል፡ ፍግረ-መሬት ምእካብ ኩምራ ሑጻን ካልእን ኣብ ዝትግበሩ ልምዓታዊ ንጥፈታት ክስዕብ ንዝኽእል ሃሲያን ዕንወትን ብኣግኡ ብምልላይ ኣብ ውሑስ ቦታ ብምድኳን ቅድመ ምድላዋት ንምግባር፡ ካብ ጠሉብ ኣውፈርቲ ድሕነት ኣከባቢ ብምቕዳም ጸጋታት ካብ ወለዶ ናብ ወለዶ ብዋዕቱእ ዝሰጋገረሉ ባይታ ብምፍጣር፡ ቅድመ ዳህሳስ ብምኪያድ ጸጋታት እንታይ፡ ኣበይን ንምንታይ በድማዕነት የገልግሉን ብጽኡይ ብምልላይ፡ ቀጻልነቶም ኣብ ምውሓስ ከይተሓጽረ ኣብ መንጎ ተጠቀምቲ ንዝፍጥር ናይ ረብሓ ዘይምቅዳው ኣብ ምህዳእ'ውን ዓቢ ረብሓ ኣለዎ። ብተወሳኺ ውሁድ ሜላ ምሕደራ ገማግም ባሕሪ ብሰንኪ ዝትግበሩ ትሕተ-ቕርጻውን ካልእ ምዕባለኣዊ ንጥፈታትን ምብዳምን ዕንወትን ህይወታዊ ብዙሕነትን ኢኮሎጅን ኣብ ምውጋድ፡ ክብርታት ታሪኻዊ፡ ሃይማኖታውን ባህላውን ቦታታት ኣብ ምዕቃብን ቅርጺ መሬት ኣብ ምሕላውን ዕዙዝ ተራ ዝጻወት ውጽኢታዊ ሜላ ምሕደራ'ዩ።

ምሩጽ ጸዕዳ ሑጻ ገማግም ደሴት ደሴ

ብህይወታዊ ብዙሕነቱ ሃብታም ከባቢ

ውቁብ ቅርጺ መሬት ደሴት ደሴ

ብምትሕብባር ሚኒስትሪ ሃብቲ ባሕሪ ዝዳለ ዓምዲ

ሩፍታ

ዕድል ኣይሓገዘን. . .

ጸጋብርሃን ጕይትኦም

ራብዓይ ክፋል

"መንፍዓትካ መውዳእታ እንተዘይብሉ እንታይ ዋጋ ኣለዎ። ሰባት ብኽሱ እንተነፋዕና'ዩ ጽቡቕ እምበር ብሓደ ሸነኽ ነፊዕና ብኻልእ እንተሓመቕና እንታይ ዋጋ ኣለዎ?" እታ ሕቶ ናባይ ኣቕንዓታ።

"በዚ ተዕልልኒ ዘለኺ ግና ክሳብ ሕጂ ዘረኣኹልኪ ሕመቕ የለን። 'እታ መርዓ ፋሕ ኩበላ'የ' ትብል ዘረባኺ ግና ኣይፈተኹዋን" ንዝተዓዘብክዎ ጽቡቕ ጎድንታታ ብምግላጽ፣ ሕቶይ ናብ ናይ መርዓ መደባ ቐየርክዎ፣ ሕምቀታ ምስኡ ዝትኣሳሰር ከይከውን ብምባል።

"ናብኣ እንደየ ክመጽኣካ ደልየ ዘለኹ። ሓንቲ መዓልቲ ንዳዊት እቐጽረልካ፣ ኩሉ ኣካይዳይ ጥንቃቐ ዝተሓወሶ'ዩ ነይሩ። ክቐጽሮ ዝወሰንኩ ድማ ብመደብ'ዩ፣ ልበይ ኣሚኑ ዝተቐበሎ መደብ ..." ዓይኒ ዓይነይ ጠመተትኒ።

"እንታይ ደዩ ነይሩ መደብኪ?" ነታ መደብ ትብል ቓል ጸቒጣ ስለ ዝተዛረበታ፣ ኣነ'ውን መደባ ክፈልጥ ተሃንጠኹ።

"ዓቢ መደብ ሐዚ'የ ተበጊሰ፣ ዋሕስ ዝኾኑኒ መደብ። ምስ ተራኺብና ድማ ዳዊተይ 'ብዘይ ብኣኻ ክኡብር ኣይደልን'የ፣ ዋላ ተሰካሚ ኤች.ኣይ.ቪ ኩን ኣይጠልመካን'የ፣ ስለዚ ንዓይ ደስ ኩበለኒ ንመርመር' ኢለዮ እናቀባጠርኩ። እዛ መደብ ናይ መውዳእታ'ያ ኢለ'የ ደምዲመ ነይረ። ሕራይ እንተዘይኢሉኒ ክቡተኽ ወሲኖ'የ ነይረ።"

"እንታይ'ሞ በለኪ?"

"እንተስ ትሪ ዘረባይ ኣፍሪሕዎ፣ ወይ'ውን ከይገድፎ ፈሪሑ፣ ብዙሕ እናተወላወለ ሕራይ ኢሉኒ። በዚ ድማ ናይ መውዳእታ ቆጸራ ሒዝና። ግና እንታይ ገይሩ መሰለካ?" ከይትኹልፈኒ ተሃወኽኩ። ዘሕለፈቶ ፍቕሪ ኣብ ዓወት ከብጽሓ እናተመነኹ ክትቅጽለለይ ተረቢጸኩ።

"እንድሕር ናጻ ተባሂልኩም ደኣ እንታይ ከየጋጥም ፈሪሕኪ?"

"ዋላ ቕድሚ ሕጂ ንመርመር፣ ከምሰብ ክፈርሕን ክጠራጠርን ንቡር'ዩ። እዚ ጥራይ'ውን ኣይነበረን፣ ድሕረይ እንታይ ከም ዝኑብር ከመይ ገይረ ይፈልጥ፣ በዚ ምኽንያት'የ ድማ ንመርመር ኢለዮ፣ ግና. . .ዕድል የብለይን በጃኻ! ድሕሪ ሕጸና ይኹን ፍቑራት ኩይንና ንጉዓዘሉ ኣብ ዝጸበርና እዋን መስተ ይሰቲ ነይሩ'ዩ። መስተ እንተሎ ድማ ጌጋ ኣሎ። ከም ተወሳኺ ድሕሪ ሕጸና ምስ ሓንቲ ጓል ይዘውር ምንባሩ ፈሊጠ። ኣብ ዳዊት ልዑል ራኢ ስለ ዝነበረኒ ካብ ጸጋም መንገዲ ንምእላይ ዘይተጠቐምኩሉ ሜላ ኣይነበረን። ካብ መስተ ከናግፎ ልዑል ጻዕሪ'የ ኣካይደ። መታን መስተ ክገድፎ ምሉእ ምሸት ኩበረይ ኣሕሰረ ኣብ ቤት መስተ የምሲ ነይረ። በዚ ክንኡብር'ዩ ዕላማይ ነይሩ። ኣብ መውዳእታ ድማ ተዓዊተ። ኣድርረኒ እናበልኩ ቤት መግቢ ከም ነምሲ ይኑብሮ ነይረ። ኣብ ካፈታት'ውን ብተመሳሳሊ። ኣብ'ታ ዝቐርባ ዝነበረ ጓል'ውን ኣገላጊለዮ'የ። ንፍቕሪ ዳዊት ኩብል መስዋእቲ'የ ከፊለ። እንታይ'ሞ...." ናብ ትካዜ ሰገረት።

"ቀጽልለይ በሊ!"

"እንተኾነ ቅድሚ መርዓና ንመርመር ምስ በልኩዎ ምድሕርሓር ኣብዚሑ። ኣነ ድማ ፍቕሪ ህይወተይ ስለዘገድሰኒ ዘይትምርመር እንተኾይንካ ክንቅጽል ኣይንኽእል ኢና ኢለዮ። ዋላ'ኳ የፍቅሮ ይንበር፣ ናይ መውዳእታ ወሲነ'የ መጺአ ነይረ. . ." ዋላ ንዓይ ትርር ኢላ ተዛረበትኒ። ዘረብኣ ካብ ልባ ይነቅል ምንባሩ ድማ በርሂለይ።

"ተፈላሊኹም?" ንዕኡ ንምውናን ዘሕለፈቶ መስገደልን ዋጋ ፍቕርን ተራእዩኒ ብልቢ ደንጊጸኩላ።

"ልዕሊ ሓሙሽተ ዓመት ኢና ብሓባር ዘየርና፣ ኣብ ዕድመ ጓል ኣንስተይቲ ክትርእዮ ከለኻ ማዕረ ክንደይ ሃሰያ ምኳኑ ኣይትስሕቶን ኢኻ። ድሕሪ ነዊሕ ግና ኣእሚኑኖ" ድምጻ ኣትሒታ መንፍዓታ ገለጸትለይ።

"ቅድም ንብሕቱ ከይዱ ተመርሚሩ መጺኡ፣ እዚ'ኳ ጌጋ እንተኾነ ደላይት ብምዃነይ ኣይጸላእኩዎን። ሽዑ ንዓይ ረኺቡ በይኑ ከም እተመርመረን ናጻ ከም እተባህለን ሓቢሩኒ። ብሓንሳብ ምኻድ ትርጉም ከም ዘይብሉ'ውን ነጊሩኒ። ኣነ ግና ኣይተቐበልኩዎን፣ ምስ'ቲ ዘቕርቦ ዝነበረ ምኽንያት ኣተኣሳሲረ ክምርመር ኣይደለየን'ዩ ዝብል ጥርጣረ'ዩ ሒዙኒ። ብሓንሳብ ከይድና ክንምርመር ኣለና ኢለ ድማ ኣብ መትከለይ ደሪቐ። ዓመታት ብፍቕሪ ተጓዒዘ ንዳዊት ወኒነ ምልእቲ ሰብ ክኸውን ከም ዘይተመነኹ ሓደጋ ወዲቐኒ። ሓደጋ.....ተመርሚርና!" ነታ ቃል ብሓይሊ ፈነወታ።

"ውጽኢትኩምከ!"

"ዘርም'ዩ፣ ዕድለይ ሕማቕ ምዃኑ ሽዑ ፈሊጠ።"

"እሂ ተሰካሚ ኰይኑ ጸኒሑ?"

"ግልብጥሸ'ያ ዓለም በጃኻ! ዳዊት ናጻ ጸኒሑ፣ ኣነ ግና ጸኒሑኒ..."

"ከመይ ኢሉ ይኸውን?" ሰንበድኩ።

"ኰይኑ...! ጥንቃቐይ ንብላሽ'ዩ ነይሩ..... ተሰካሚት ኰይነ ጸኒሐ።"

"ብኸመይ?" ገረመኒ።

" ብ ኸ መ ... ይ ..... ዶ ? " እናተነኽነኸት ክትዛረብ ጀመረት። "ኣነ'ውን ከመይ ኢሉ ይኸውን ኢለ፣ ነቲ ውጽኢት መርመራ ምቕባሉ'የ ስኢነ። ዝተመርመርናሉ ቦታ፣ ኣብ እንዳ ኮርያ ሰምበል ኰይኑ እታ ዝመርመረትና ጓል ኣንስተይቲ ድማ ዕድመኣ ልክዕ ክንዳይ'ዩ። ልቦንኣ ግን መግለጺ የብሉን። ንዓይ ከተዘሕል ዘይገበረቶ ነገር የለን። እንታይ'ሞ ዘይቅየር ነገር ኰይኑ..." ብዘንታ ተዋሒጣ ትም በለት። "ውጽኢተይ ምስ ነገረትኒ ብሰምባደ ምቕባሉ ስኢነ ዳርጋ ኣውያት'የ ገይረ። ሽዑ ሓደ ስሙ ዘይሓዝኩዎ ዶክተር ናብታ ዝነበርናያ ክፍሊ መጺኡ ለባም ዘረባ ተዛሪቡኒ። እታ ዘረባ ክሳብ ሕጂ ተሰፋ ኰይና ተጓዕዘኒ ኣላ... ከመይ ገይሩ ክለግበኒ ይኽእል ኢለ ዳርጋ ነታ ዝመርመረትኒ ነርስ ከዋጥራ ምስ ተዓዘበኒ፣ ሰቕ ኢሉ ክሰምዓኒ ኣይደለየን። 'ሓፍተይ በየን መጺኡኪ ኢልኪ ዘጨንቕ የብልክን፣ ብዘመጸ መጺኡኪ ክኸውን ይኽእል'ዩ፣ ንሳ ኰይና ጽሒፋቶኺ። ሕጂ ግን ብኸመይ ተሰፋ ገይረ ህይወተይ የናውሕ ኢልኪ ሕሰቢ፣ ብዙሓት በዚ ሕማም ተለኺፎም ካብና ንላዕሊ ጥዑያትን ሕጉሳትን ኰይኖም ይነብሩ ኣለው። ንስኺ ድማ ናቶም ኣብነት እንተተኸተልኪ ንነዊሕ ዓመታት ብጥዕና ክትነብሪ ትኽእሊ ኢኺ። ብዓልቲ ምሉእ ተስፋ ጥራይ ኩኒ። በየን መጺኡኒ ኢልኪ ግና ኣይትጨነቒ።' ብምባል'ዩ ተስፋ ኣሲዒቑኒ። ሽዑ ቁሩብ ተረጋጊአ።

"ዳዊትከ እንታይ በለ?" ንዳዊት ከመይ ተሰሚዑዎ ይኸውን ብምባል ኣነ'ውን ተጨነቕኩ።

"እቲ ውጽኢት ክንንገር ከለና ኣብ ጎድነይ ኮፍ ኢሉ ነይሩ። ውጽኢት ምስ ሰምዖ ከም'ዛ ገሪብ ደሪቑ'ዩ። ብዘይ ሕቶን ርእይቶን ምስ ቀመ፣ ቃል ትብሃል ኣየስተንፈሰን። ኩሉ ነገር'ዩ ገሪሙዎ። ኣነ ምቕባሉ ስኢነ ከዕለብጦ ከለኹ፣ ንሱ ዓይኒ ዓይነይ ኣብ ምጥማት ወጺኡ። ዋላ ሓንቲ ኣይተዛረበን።"

"ከምቲ ዶክተር ዝበለኪ ንኹሉ ምቕባል ጥራይ'ዩ!" ንብዓታ እናሻዕ ይውሰኽ ብምንባሩ ከጸናንዓ ፈተንኩ። "ሰላም፣ ኣብ ወረደ ዘንብዕ የብልክን...." ምእባድ ስለዘኣበየትኒ፣ ክሳብ ዝፍንሳላ ትም መረጽኩ።

"ብዘኾነ ዘጋጠመኒ ሸግር ተጻዊረዮ'የ። ከቢዱኒ ዘሎ፣ ክኸውኒ ኢለ ዓመታት ዝሓለኹዎ ፍቕሪ ምስ ዳዊት ማይ ምሕቋን ኰይኑ ምትራፉ'ዩ። ኣታ ወዲ ንዳዊት ንምሓዝ ዝሓለፍኩዎ ጻዕሪ ኣነ'የ ዝፈልጦ። ብዓቢኡ መርዓ ተቐጺሩ ነይሩ። ነዚ ኩሉ ዝበድህ ዓቕሚ'የ ስኢነ ዘለኹ።" ጸገማታ ልዕሊ ዓቕማ ምዃኑ ንዓይ'ውን ብሩህ ኮነለይ።

"ብኸመይ ግን እዚ ሕማም ሓሊፉኒ ትብሊ?"

"መጀመርታ ንዓይ'ውን ምውሓጥ'ዩ ኣብዩኒ። ደጊመ ናብ ኮባቢ ዕዳጋ እኽሊ መመርመሪ ማእከል'የ ኣምሪሐ። እቲ ውጽኢት ብኣንጻሩ ክኸውነለይ እናተመነኹ ተጓዒዘ። እንተኾነ ዝቐየር ሓቂ ከም ዘየለ ሽዑ በሪሁለይ። ማለተይ እቲ ውጽኢት ልክዕ ከምቲ ኣቐዲሙ ዝተነግረኒ'ዩ። ብኸመይ ሓሊፉኒ ዝብል ሕቶ ድሕሪ ነዊሕ ኑብሰይ ምምርማር'የ ፈሊጠዮ።"

"ብምንታይ ደኣ ሓሊፉኪ ኳሊይ?" ነገሩ ክፈልጥ ተሃወኽኩ።

"ዓንተቦይ ሓንቲ ዘረባ ተዛሪበካ ነይረ። ኣብ ዓለም ክንዲ'ቲ ዝሃለወ መንፍዓት ይሃልኻ ጥንቃቐ እንተ ዘይሓዊስካን ኣመዛዚንካ እንተ ዘይሓሲብካን ጸገም'ዩ። ናይ ሓንቲ መዓልቲ ጌጋ ናይ መውዳእታ ህይወትካ ክትከውን ከም እትኽእል እዚ ናተይ ኣብነት ክኸውን ይኽእል'ዩ። ንዓይ ድማ ናይ ሓንቲ መዓልቲ ጌጋ'ዩ ኣብ'ዚ ኣውዲቑኒ።" ብጣዕሳ ርእሳ ነቕነቐት።

"እንታይ ጌጋ ዲኺ ፈጺምኪ?" እቲ ጌጋ ዝበለቶ ክፈልጥ ተሃንጠኹ።

"እቲ ጕዳይ ተመሃሪት ማይ ነፍሒ ከለኹ ዘጋጠመ ሕማቕ ዛንታ'ዩ...." እቲ ፍጻመ ከም ፊልም ግዲ ተራእዩዋ፣ ናብ መንጽር ዝነበረት ዕንባባ ኣቋመተት። "ምዕባይ ሓወይ ዝልእኾ መልእኽቲ ሒዙ ካብ ወጻኢ ዝመጽአ ጋሻ'ዩ ኣጋጢሙኒ" ንብዓታ ኣርገፈት።

"መልእኽቲ ሒዙ ምስ መጽኣኒ ሌላ ንገብር። ድሕሪ ሌላ ኣብ መጻወድያኡ ኣእትዩኒ። 'ምሳይ ናብ ወጻኢ ክምግልኣኪ'የ፣ ወናኒኺ ክኸውን ኣፍቅድለይ፣ ኣብ'ታ ዝተላለናላ እዋን ጀሚረ'የ ኣፍቂረኪ፣ ወዘተ እናበለ ንልበይ ተፈታቲኑዎ።"

"እሞ እንታይ መለስክሉ?"

"ሕራይ ኢለዮ ዙረት ጀሚርና።"

"ምስ ዳዊት እናዘርኪ ማለት ድዩ?"

"እወ ምስኡ እናዘርኩ።"

"እዋእ!" ምግራመይ ገለጽኩ፣ ዘዋር ትብሎ ከም ዘይነበረት ንሳ ዙረት ምትሕሓዛ ገረመኒ።

"ዳዊት ከምቲ ዓንተቦይ ዘዕለልኩኻ መትሓዚ ኣይነበሮን። ኣነ ድማ ምናልባት ዳዊት እንተጠለመኒ ዝብል ፍርሒ ነይሩኒ። እንተኾነ ነዚ ረኺበዮ ዘለኹ መከራ ተሰኪመ። ወርሒ ኣብ ዘይመልእ እዋን ሲጋዊ ርክብ ፈጺምና። ዝኣተወለይ ሙብጽዓ መግለጺ ኣይነበሮን፣ ኣነ ድማ ኣሚነዮ።"

"ዳዊትከ ይፈልጥዶ ነይሩ?"

"ኩሉ ካብኡ ተሓቢአ እንደየ ዝኑብሮ ነይረ። እቲ ዝተላለኹዎ ወዲ ኣብ መውዳእታ ዕረፍቱ ወዲኡ ክኸይድ ከሎ ከይተፋነወኒ'ዩ ከይዱ። 'ኣብ ወጻኢ ወሲደ ከምዚ ክንብረልኪ'የ' ይብለኒ ከም ዘይነበረ..." ኣይቀጸለትን።

"ተሃዊኽኪዶ ሓቀይ?"

"ተሃዊኸ ጥራይ! እታ ናይ ሓንቲ መዓልቲ ጌጋ ዝበልኩኻ እዚኣ'ያ" ንብዓት ጸረር ኣበለት።

"ንሱ'ዩ ለኪሙኪ ማለት ድዩ?" ተወከስኩዋ።

"ብርግጽ ንሱ'ዩ!" ትብዕ ኢላ ብርእሰ ተኣማንነት መለሰትለይ።

"ብኸመይ ኣረጋገጽኪ?"

ይቕጽል...

ግንባር ቡረ

ዲዛይን፡ ታእዛዝ ኣብርሃ
ስእሊ ፡ኣኽሊሉ ዘርእዝጊ

ዲዛይን፡ ታእዛዝ ኣብርሃ
ስእሊ :ሳልሕ ዓብደልቃድር

ዛላምበሳ

ባህልን ስነ-ጥበብን

ኣብርሃም ዘርኣ

ግጥሚ፡ ካብ ምንባቡ ምጽሓፉ እቲ ዝበርትዐ ዕዮ ስነ-ጥበበ ምዃኑ ብዙሓት ይሰማምዑ። ብርዕን ወረቐትን ሒዝካ ግጥሚ ኣብ እትጽሕፈሉ እዋን ድማ፡ መጻናዕቲ፡ ጥበብ፡ ጻዕሪ ግዜ ስለዝሓተካ እተህልኾ ግዜ ኣዝዩ ብርቱዕ ዝበለ ምዃኑ'ውን ይእመነሉ። ክጽሓፍ እንከሎ ብዙሕ ሃልክን ግዜን ዝወሰደ ዕዮ ስነ-ጥበብ ዝኾነ ግጥሚ፡ ኣብ ኣናብብኡ እውን ጻዕሪ ከም ዝሓትት ዘይስሓት ሓቂ'ዩ። ኣብ'ዚ ሕጂ እዋን ብደረጃ ዓለምናን ሃገርናን ዝፈረዩ ዝጽሓፉ ዘለዉ ግጥሚታት ማእለያ የብሎምን። ብመጽሔር ርድኢቶምን ምዕባለን ግጥሚ እንተ ርኢናዮም ድማ ኣብ'ቲ ዝበረኸ ተኾይሮም ደርኪቦ። ኣብ ኣናብባ ግን ዘይካም ክጽሓፉ እንክለዉ ዝወሰድዎ ግዜ፡ ብዙሕ ናይ ምዕባለ ለውጢ ክርአ ኣይተኻእለን። ሓሓሊፉ ኣብ ገለ ኢጋጥሚታት ከም ብልጭታ ኮኾብ ሰሚን ዝርአ ክስተታት እኳ እንተሎ፡ ንተዓዘብን ሰማዕን ከዕግብ ዝኽእል ግን ኣይኮነን። ብልዑል ጻዕሪ ዝጸሓፍካያ ብልጽቲ ግጥሚ ኣብ ኣናብባኣ እንተ ሓምተልካያ፡ ተቆቲላ ጥራይ'ያ እትተርፍ። ብሕጽር ዝበሉ ወኒን ሓይሊን እታ ግጥሚ ጠቒሊሉ ከምዝጠፍእ'ዩ ዝኾውን። እዚ ማለት ከኣ ሓንቲ ግጥሚ ኣብ ኣቀራርባኣ (ኣናብባኣ) እንተ ደኣ ደኺማ መቐረት ዝበሃል ስለ ዘይብላ ሞይታ ጥራይ'ያ እትተርፍ። መልእኽታን ጥበብ ዕላማኣን ጠቕሊሉ ይፍሕሸ። እዚ ከም'ዚ ዓይነት ተግባራት ዝርአ ከኣ ጸሓፍቲ ግጥሚ ኣብ ክንዲ ግጥሞም ባዕሎም ዘንብቡ፡ ንኻልኦት ንኽንብቡሎም ምስ ሂብዎም፡ እዮም ኣንበብቲ ድማ ስምዒቶም ብዝሓዘዞም መንገዲ ደኣ'ምበር፡ ስምዒት እቶም ጸሓፍቲ ስለ ዘየርድኦም ብዝኸንጠሞም ከንብቡ ይሰምዑ። በዚ ምኽንያት ድማ፡ ጣዕሚ እታ ግጥሚ ክሃስስ ግድነት ይኸውን። ብኻልእ መዳይ'ውን ሓደ-ሓደ እዋን ገጠምቲ ኣብ ክንዲ ግጥሞም ንበለጽቲ ኣዘየምቲ ዝሀቡ ባዕሎም ክንብቡ ይደልዩ እሞ፡ እቲ ስራሕ ክቕተል ግድነት ይኸውን። ኣብ'ዚ ክርደኣና ዘለዎ ግን ኣንበብቲ ግጥሚ ዝሓምቁሉ ቀንዲ ምኽንያት ብዝተፈላለየ ቅዲ፡ ሜላን ጥበብን ኣብ ክንዲ ዘንብብዎ፡ በታ ዘሎታ ከም ልማም ማሕረሻ ደህሰስ ኣቢሎሞ ስለ ዝሓልፍዎ'ዩ። ኣብ'ዚ፡ ጸሓፍቲ ግጥሚ ብዙሕ ዘየርድኦም ነገራት እንተሎ፡ ነታ ግጥሚ በቲ ዝግበኦ ከንብቡ ዓቕሚ ምስ ዘይብሎም ንኻልኦት ኣንበብቲ ግጥሚ ሂቦም ከም ዘንብቡ ምግባር እቲ ዝበለጸ ኣማራጺ ስራሕ'ዩ። ምኽንያቱ፡ ግጥሚ ቅኔ ማለት ናቱ ማህሌት (ዜማ) ስለዘለዎ። ንኣብነት "ሩባ ዓደና" ብመለስ ንገሰ፡ "ሞጓእ" ብሰለሞን ጸጋዩ፡ "መርሓዊ ሞይቱ ዝበልዎስ መዓስ ሞይቱ" ብሰለሙን ድራር፡ "ኣይትመጺዎ እምባ" ብሰወእ ኣሰያስ ጸጋይ፡ "ከም ቀሎ መሸላ" ብበየነ ሃይለማርያም፡ "ንኺድ ደኣ" ብሰወእ መም/ተኽለ ተኸስተ፡ ዝበሉ ግጥሚታት ጉዳይም ስነ-ጥበበኛታትና እንተ ደኣ ወሰድና፡ ምናልባት ካብ'ቶም ጸሓፍቲ ንላዕሊ እዮም ኣንበብቲ ብዘለዎም ተፈጥሮኣዊ ሓይሊ ኣናብባ ዝም ጽቡቓት ግጥምታት ሂወት ክዘርኡሉም ይኽእሉ እዮም። እዚ ማለት ከኣ ሓይሊ'ቲ ግጥሚ ወቕዒቱ ከየጉደለ ከም'ቲ እቶም ደረስቲ ዝደልይዎ ኩርናዕ ክዝርም ይኽእል። ብኻልእ መዳይ ድማ፡ ደረስቲ ግጥሚ ንዝደረስዎ ግጥሚ ባዕሎም ከም'ቲ ዝደልይዎን ዝሓሰብዎን ከሰምዕዎ ሓይልን ተወህቦን ምስ ዝህልዎም ድማ፡ ዝበለጸ ይኸውን። ኣብ'ዚ ሓሳብ'ዚ "ከደ" እትብል ሰውራዊት ግጥሚ ስነ-ጥበበኛ ኣስመሮም ሃብተማርያም ክንጠቅስ ንኽእል ንኸውን። እዛ ግጥሚ'ውን ከምቲን ቀዳሞት ብልጽቲ ግጥሚ ብምዃና፡ ኪኖ ሓይሊ መልእኽቲ ኢጋጥሚኣን ዕላማኣን ብርትዕ ኣናብባ ደራሲ ተወሲኽዎ፡ ንደላይ ናጽነት ኑዳዲ ከም ዝበረት ኣይርሳዕን። በቲ ኩይሉ በቲ ግኑ ግጥሚ ዚማኡ ሓልዩ ክኽይድ እንተ ደኣ ኩይሉ፡ በቲ ልክዕ ኣገባቡ ክቐርብ ይግባእ። ካሕሳይ ገብረሂወት ዝጸሓፋ ጽብቕቲ ግጥሚ ንኣብነት፡ ኣብ ኣናብባ ሳሚኤል ገብረኣዶናይ፡ ስጋን ትንፋሰን ኣልቢሱ ደው እንተ ደኣ ኣቢሉዋ እቲ ዝድለ ንሱ'ዩ። ኤፍሬም ካሕሳይ (ወዲ-ኳዳ) ዝደረሳ ሓያል ግጥሚ ምክኤል እምሃጽዮን (ጆንደ) ልክዕ ከም ትሕዝቶኣ ቃል-ቃል እንተዘንበላ ሻንዶ ኣይዛዛን። ንበል ኣብ መድረኽ ውድድር ግጥሚ ምስ ዝህሉ'ሞ እቲ ሓደ ቀዳማይ እንተ ደኣ ወጺኡ፡ እቲ ካልኣይ ድማ ነታ ግጥሚ ብጽቡቕ ምስ ዘንበበ ደረጅኡ ካልኣይ ምስ ዝወጽእ፡ ብትሕዝቶ እታ ግጥሚ ደኣ'ምበር ብኻልእ ክኸውን ኣይክእልን'ዩ። ብኣናብባ ምስ ዝኸውን ግን፡ ደያኑ ነቲ ካልኣይ ቀዳማይ ከም ዘወጽኡ ርዱእ'ዩ። ብቐንዱ ኣብ'ዚ ከስተውዕሉ ዝግበኦም፡ ምንባብ ማለት ምውሳእ ምዃኑ ክንኣሕቶ የብልናን። ናብ ውድድር ንእተቐርቦ ግጥሚ፡ መዓስ ብኸመይ ኣበየናይ ሃዋህው ተቐርቦ? ብኸመይከ ተደህዮ (ተደምጾ) ንበሰኻ ንምምዃም እተካይዶ ልምምድ፡ ካብ'ቲ ናብ ዓወት ዝምርሕ መንገዲ'ዩ። ኣብ ክበበን ለጠቕን እትፈጥሮም ደምጽታት፡ ናይ ኣካላት ምንቅስቓስን ምውሳእን ድማ፡ ንምዕባለ እተመዝዞ ደረጃ ወሰንቲ'ዮም። ምስ ትርጉም እተቕርቦ ግጥሚ ስለ ዝተሓሓዝ ኣብ ኣለዓብሰኻ ጥንቁቕ ምዃን ኣገዳሲ ስራሕ'ዩ። ናቱ ዝሕልፎ ትርጉምን መልእኽትን ስለዘለዎ። ንኣብነት ናይ ሓዘን ግጥሚ ከተንብብ እንክለኻ፡ ጻዕዳ ክዳን ወይ ባድላ ዓጸጸ'ኻን ተኸሓሒልካን ኣይኩንካን እትቐርብ። ወተሃደራዊ ክዳን ተኸዲንካ ብሬን ዓጢቕካ፡ ሰላም ኢልካ ክትገጥም ብፍጹም ኣይቃዶድን። 'ተሸባሺብ ጎበዙ ዕጠቕ፡ ተዳሎ፡ ጎመደም፡ ኣሰገድም፡ ንገየ ብዱት. . .' ዝብል ግጥሚ እናቐረብካ ሻባዩን ክዳን ለይትን ለቢስካ ኣይኩንካን ብግጥሚ ክትጭድር። ብሓጺሩ፡ ዝተፈላለዩ ስምዒታት ናይ ሂወት ንምጽብራቕ እትለብሶ ክዳን ናቱ መልእኽቲ ካብ ምትሕልላፍን ምዝራብን ኣይፍንቀጽን። ሓደ ኣንባቢ ግጥሚ ተሃን ስምዒቱ ክርእዮ ኣለዎ። ብዘንበቦ ወኒ ድማ ተኸታተልቲ ሓፋሽ ብዝደልይዎ ከም ዝስዕብዎ ክገብር ኣለዎ። ከም መልእኽቲ ትሕዝቶ እቲ ግጥሚ ከኣ ብኩሉ ለጠቕን ስምዒታት ንተዓዘብቲ ክሰርቖምን ክስሕቦምን ኣለዎ። ከም ኩነታት ድማ ኣብ'ቲ ምድሳት፡ ምዝናይ፡ ምትኻዝ (ምሕዝዛን)፡ ምስሓቕ፡ ምብካይ፡ ምእዋይ. . ዝኣመሰሉ ከም ጸጋታት ናይ'ቲ ግጥሚ ክወኽሉ ይግባእ።

ኣናብባ ግጥሚ



ግጥሚ ብዘዋጽኦ (ኣንጸር) ስምዒታት ክንዝበን ክንጽብረቐን የብሉን። እቲ ሓሳብ ትሕዝቶ ግጥሚ ዘሰቁርቀር ክንሱ ብስሓቕን ወኻዕታን ተሰንዩ እንተ ደኣ ቀሪቡ፡ ኣዝዩ ዘሕፍር ነገር'ዩ። ብኣንጻሩ ፍስሃን ደስታን ዝፈጥር ግጥሚ ክንሱ ተኪዚኻ እንተ ደኣ ኣንቢብካዮ ክሽ ምርማም ካልእ ጣቕ ክህሉ ኣይክእልን። ብኻልእ ወገኑ ገለ ኣንበብቲ ግጥሚ እውን ነቲ ግጥሚ ብሃሪትን ሃተሃታን ከምኡ ድማ ምውጭጫውን ስለ ዘንብብዎ መልእኽቱ ብፍጹም ኣይርድኣካን። እንታይ ይብሉ ኣለዉ ንኽትሕዞም ኣዚኻ ትጽገም። ስለ'ዚ ግጥሚ ናቱ ቋንቋን ቃናን ስለዘለዎ ኣጸቢቕካ ምፍላጡ ኣገዳሲ'ዩ። ኣብ'ዚ ጽቡቕ ኣብነት ክኾና ዝኽእል ቅዲ ኣገጣጥማ ናይ ማሽን መልቀስን ክንወስድ ንኽእል። ከም ትሕዝቶታቱ ማሽኖታት ኣብ እኩብ ተዓዘብቲ በቲ ዝግበኦ ስምዒት ስለ ዘመሓላልፍዎን ዘጽበርቕዎምን ኣብ ዝኾነ ይኹን ግዜ መሳጢ ይገብሮ። ኣብ'ዚ ክንምዘዝቦ እንኽእል ሓሳብ እንተሃልዩ ኣብ ዝኾነ ኢጋጥሚታት ዓብይቲ ይኹኑ ንኣሽቱ ገጠምትና ኣብ መድረኽ ተጓዲሞም ግጥሞም ክንብቡ ምስ ዝድይቡ፡ ኣብ ክንዲ ትኽ ኢሎም ናብ ግጥሞም ዝኣትዉ፡ ቀጻሊ ዘዘውትሩዋ "ኣነኳ ብዙሕ ኣይተዳለኹን፡ ሃንደበት'የ ተሓቢረ" ዝብል መቕድም ሰንፍናኦም እዩ ዘምርሖም። እዚ ከም'ዚ ዓይነት ባህሊ እናሰዓረ ኣብ ዝመጽኣሉ ዘሎ እዋን፡ ንናእሾቱ ስነ-ጥበባውያን ጽቡቕ ኣርኣያ ኣይኮነን። ኣብ ከም'ዚ ዓይነት ኩነታት ወይ እዮም ኣንቢቦም ነቲ ምንባብ ክጽገሞም ኣለዎም፡ ወይ ድማ እዮም ኣለይቲ ናይ'ቲ መድረኽ ኣይተዳለኻን ብምባል ክቕርብዎም ኣይግባእን። ምኽንያቱ እናተጠራጠርካ ምድያብ ምልክት ሕመቕ ስለዝኾነ። ሎሚ ደኣ ህጣመን ስለዘጥፍኣ እምበር፡ እተን ማሳሓል መንእሰያትና ዝበራ ከም ዴዋንድ ባረንቱ፡ ማህጸን ስነ-ጥበብ መንደፈራ፡ ዛራ ስነ-ጥበብ ማይምና፡ ቁርሲ ቐዳም ኣብ ጣዕሞት፡ ጠቓራ ደባርዋ፡ ኣትኣሮ ጸሮና፡ ጋብላ ደቀምሓረ፡ በለው ከለው ሰንዓፈ፡ ዳዕሮ ሰከይቲ፡ ዓዲጠያ ዓዲኳላ ከብሪ ዓሰበን ዝኣመሰላ መኣዲ ስነ-ጥበባትና እዚ ኣልዒልናዮ ዘለና ጥበብን ሓይልን ኣናብባ ግጥሚ ማይጨሎት ከም ዝነበራ ኣይርሳዕን። ስለ'ዚ እምብኣር፡ ግጥሚ ናቱ ቁጌን ኣገባብን ስለዘለዎ ሓደ ኣንባቢ ግጥሚ ከኣ ንግጥሙ ከውድቖን ከተንስኦን ክቕትሎን ክልሞዖን ስለዝኽእል ብጥንቃቐ ምርኣዩ ምልክት ብልህነት'ዩ። ምኽንያቱ ግጥሚ ከም'ቲ ኣብ ምጽሓፉ ዘህልኸካ ኣብ ምንባቡ'ውን ብዙሕ ልምምድ ስለዝሓትት፡ ምልክዕን ዕዉትን ዕዮ ስነ-ጥበብ ንምቕራብ ኣቓዲምና ሕጻቦ እቲ ስራሕ ከካይድ ይግባእ።

ደርፍታት ሃንሰ መስቀል

ወርሓት ሃንስ ማሰቀለ ዘይካም ካልኦት ወቕቲ ኣዝዩ ዝተፈለየትን ንኽትርኣ ባህ እተብል ሰለምትን ምዕሮግትን ዝኾነት ወርሒ'ያ። ኣብ ቅንያት'ዛ ወርሒ ዝተፈላለዩ ነገራት'ዩ ዝኽሰት። ተሰፋ ሕብረተሰብ ብፍላይ (ዓኳይ) ክብ ይብል። ብቐንዱ መልክዕ ወይ ትርኢት መሬት ይቕየር። ምድሪ ብዕንበባታት ገልገለ ማስቀሉ፡ ሕየባ፡ ጨና ሽላን፡ ጨና ኣረጊት፡ ጨና ርሓን፡ ዋዘዋዜ ሮማዩ፡ ሓሉት፡ ጣፍጣፎ፡ ጠንግን ጸንዕን ግጥም ትብል። ኮታ ኩሉ ነገራት ኣብ'ዛ ወርሒ ኣዝዩ ሱሓቢ ይኸውን። ዕፉን ደሸውት፡ ባልደንጓ ይጭልጭ፡ መሸላ ይሕሱ ብጠቕላላ መሬት ሓምላይ ይኸደን። ውሓይዝ ሩባታት ሓፍ ይብሉ። ጠሉብዕን ከቢትን እምባሕ እምባሕ ይብሉ። ምራኸት ደስ ኢሉወን ይዕንድራ፡ ዝራብዮትን ኣርሓታትን ከቢድ ብጽጋብ ኰይት መሬት ይጽሕትሩ። ኣዕዋፍ ከም ባሪዶ፡ ሰርነሕ፡ ሃሃረት፡ ቀቋሕ፡ ዛግራ፡ ዋሪ ብላዕስ ተፈኺሆን ጥዑም መዛሙረን የስምዓ። ኣዋልድ እንተኾና ብዕንበባታትን ዕቑርን ተሸላሊመን ካብ ንቡር መልክዐን ደሚቐን ይረኣያ። ብቐንያቱ ኣብ'ዛ ጹሓይ ወርሒ 'ትሕጸብዶ' ዝብል ጥበብ ወግዒታት ስለዘለወን ከቡርር ጸልየን ብመዓልታት እናጸብጸበ ክሰብ እትኣትወለን ሃረር ከቢሉኣ ይቕንያ። ምኽንያቱ፡ ምስ ኣፍላታት ደቂ ዓድን ኣብ'ዛ ቅንያት እዚኣ ብናጽንት ስለዝራኸባን ክጻወታ ስለዝቐንያን። ኣብ'ዛ ተሰፋ፡ ጸጋ ዒፍታ ጽጋብ፡ ሓጎስ ሰላም ፍቕርን ብርሃን ሓደሽ ሂወትን መጻእን ዝረኣየላን ዝረሓወላን ወቕቲ፡ ኣጽሕ እንተኾኑ ዝተፈላለዩ ንጥፈታት ክገብሩ እዮም ዝቕንዩ። ሓደሽ በትሮም የዋድዱ፡ ጋዕሶም ይላኸኹን ይሰንትሩን እቲ ዝዓበየ ከኣ ኣብ ምድላዋት ምስራሕ ሸግ ተጸሚዶም ይቕንዩ። ከምኡ ደኣ ኣይብሃልን እምበር ምስተን ሕየባ ዝመስላ ከሓሉት ቀናጁ ደቂ ዓዶም ስለዝራኸቡ፡ ጓዕ ወይ ዋን (ቃሕ) ንዘለኩዎም ጓል ዓዶም ንኽሓርዩ ናይ መተኣኻኸቢ ምርኣት ፋሽን ሸውን ዝኾነት ኳዕናን ወርሒያ። ብሓፈሻ ግን እዚ ቅንያት፡ ቅንያት ኣውደኣመትን ደስደሰን፡ ቅንያት ሰላም ፈሊታ ብራቕ ጹሓይን ቅንያት ፍስሃን ተድላን ስለዝኾነት ህዝቢ ብዓቢ ድምቀ ክጸንበ ይግደድ። ምኽንያቱ ህዝቢ ካብ ድሩቕ ናብ ጥሉል፡ ካብ ጸበብ ናብ ራህዋ፡ ካብ ርሃብ ናብ ጽጋብ ዝሰጋገረላ መሳልል ስለዝኾነት። ኣብ ድሮ የሃንስ ወይ እዚ ዓቢ በዓል ዝገበር ሓደ ዓቢ ነገር ኣሎ። ንሱ ከኣ እዩም ብቐንያቱ ካብ ታህሰስ ይኹን ቀልቂል ክሰርሕዎ ዝቐጽዑ ጓሶት፡ ብሸግ ሆየ-ሆየ ምግባል'ዩ። ብሓፈሻል ጥበበት ዜማን ግጥምን ጥዑም ፋል እናፋለዩ እናሰምዑን ድማ፡ ንቅርዓትን ባይቶን ወይ ታቦት ዓዶም ሰለስተ ግዜ ብኸም'ዚ ዝስዕብ መሳጢ ኣገባብ ሆየ-ሆየ እናበሉ ይዃለልዎ።

ሆየና! ሆየ!
ሃንስ ማሰቀለ
እንኳዕ ተቐልቀለ
ኣጆኹም ቈልዑ
ሻልቀ ክትብልዑ
ኣጆኹም ጓሶት
ዕፉንኩም ሸውተ
ኣጆኹም ቈልዑ
ባልደንጓ ጨልቂዑ
ኣጆኽን ኣንስቲ
ጻዕዳ ጣፍ ለወስቲ
ሆየይቲ ሆየይቲ
ጉበኡ ማኣውቲ
እንተ ደርሆኻ
ትውቃዕ ማሰንቀ
እንተ ለይቲ ለይቲ
ወኻዕኻዕ ሰበይቲ
እንተ ሰዓት ሰዓት
ወኻዕኻዕ'ታ መርዓት
ሳላ ብርዝአ'ዚ ዘመን ወጸየዮ
ሳላ ብሕብሓ መሬት ወግሓ
ሳላ ግደቡ ብርኪ ተተኸሉ
መንካ መንካ ኢታ በዓል ማዕዶ
እሞ ንዒያዶ ብበትሪ ጠጥዒሎ ክንተዓላሎ
መንካ መንካ ኢታ በቲ ማዕዶ
እሞ ንዒያዶ ብበትሪ ታህሰስ ክንኳላሰስ
ሆየና ሆየ
በትረይ ዝበ ሓሊፉ ትጸብ
በትረይ ወይባ ጉዩት ዝቖሰበ
በትረይ ኣርጉዲ ሓሊፍኪ ኣሸድዲ
ሆየ በሉ ተቐባበሉ
ሆየ ዝበልና
እሞ ብስመርና
እሞ ብሕበርና
እሞ ከይሸረፍና
ከም'ዚ ንዓመታ ይዕቀረና ጎታ
ሆየ ዘየበሉ
ዓመት ይማህለሉ
ሓራስ ኣድጊ ይስረሩ
መሸላ ክትፈሪ
ተዓሂያ ዋሪ
ሰማይ'ኳ ወሪቑ
መስከረም በሪቑ።
ይብሉ፡ ሽግም ብምብራህ ደጋጊሞም፡
ንጋደም ከም ፓሎ ተር ኢሎም። ኣንስትን
ጎራዙትን ደቂ ዓዲ ድማ ንተሰፋ ብርሃን ርእየን
ብፍሽኽታ ዕልልታ እናደርጉሓ፡ ንደቂ ዓደን
ብኸም'ዚ ዝስዕብ ከበሮኣን ሓዘን ይቕበላኦም።
ደርጓዕ ክብሉ ከረጥማየ
ይመጹ ኣለዉ ብሽግሞም።
ዝለላሉይ ዝለላሉይ
ዝለላሉይ ልበይ ክኣምሊይ።
ዝለል ኮታ ዝለል ኮታ
ዝለል ኮታ ፍልሖ ኣለዋ ባይታ።
ዝለል ወዲ ዝለል ወዲ
ዝለል ወዲ ኣንታ ጽላል ዓዲ።
ንማሰቀሊይ ንማሰቀሊይ
ደርብ ከበሮ ሓዚሊይ።
ወዲ ዕንበብ ጠሊይ
ይኣኽለኒ'ዩ ሽፎን ማሰቀሊይ።
ዕንበብ ከደትየ
ዕንበብ ከደት ሰኣን ዋና።
ያሆ ዕንበቦየ ዕንበቦ
ያሆ ያሆ ዕንበቦ።
ጓቖመጃ ናይ ማይ ጓቖመን
ትሕጸብዶ ናይ ማይ ጓቖመን።
የሃንሰይ ቅዱሰይ
ንዘልኣለም ንገሰይ።
የሃንሰያ ኣቶ
ኣብረሃዋ ንባይቶ።
ኣሸንኳይ ንማሰቀል'ዚ ወለሎ
ንእብ'ኳ ዝበለሎ።
ንጻወት'ሞ ንተላዋወየ
ዘመን ከምለሰየ።
ኢታ ንጻወት ንጻወትየ
ዓለም ጽላለትየ።
ደቂ ዓደናየ
ንጻወትሞ ብኣሽቱናየ።
ሰሉ ሰሉ ሽሕን ዋልታን ኩት
ኢታ'ዛ ዓደና ከይኣትዋ ጓና።
ሰሉ ሰሉ እንቅዓ ጣፍ ኩት
ኢታ'ዛ ዓደና ከይደፍራ ጓና።
ብምባል፡ ብስምዒትን ዝላን እናተወዛወዛ
ንዓለም ኣይትጸርጊ ይብላኣ።

ስፖርት

ኤርምያስ ገብረልዑል ermileul@gmail.com

ሃገራዊት ጋንታ ኲዕሶ እግሪ፡ ልምምድ ...

ሃገራዊት ጋንታ ኲዕሶ እግሪ ኤርትራ ትሕቲ 20 ዓመት፡ ካብ ዝሓለፈ ወርሒ ነሓሰ 2018 ኣትሒዛ ጽዑቕ ልምምድ ተካይድ ምህላዋ ይንገር፣

ነዛ ሃገራዊት ጋንታ ትሕቲ 20 ዓመት ዝበቕዑ ተጻወትቲ ንምርካብ፡ ኣብ ወርሒ ግንቦት 2018፡ ብኣጋጣሚ በዓል ናጽነት፡ ሽዱሽተኣን ዞባታት፡ ማእከል ስልጠና ሓይልታት ምክልኻልን ላዕለዎት ትካላት ትምህርቲ ኤርትራን ዝተሳተፍኦ፡ "ዋንጫ ናጽነት መን ዓተረ?" ግጥማት ኲዕሶ እግሪ ትሕቲ 20 ዓመት ተኻዪዱ ነይሩ፣

በዚ መሰረት ከኣ ካብ ኲለን እተን እተሳተፋ ጋንታታት፡ ዞባ ማእከል ዝበዝሑ ተጻወትቲ ንጻውዒት ከተምርጽ እንከላ፡ ሓሙሽቲኣን ዞባታት፡ ማእከል ስልጠና ሓይልታት ምክልኻልን ላዕለዎት ትካላት ትምህርትን ከኣ ነፍሲ ወከፈን ካብ ሓደ ክሳብ ሓሙሽተ ተጻወትቲ ኣምሪጸን፣ ካብ'ቲ ውድድር ብጠቕላላ 40 ተጻወትቲ ጻውዒት ክግበረሎም እንከሎ፡ ዛጊት ኣድላዪ ናይ ምጽራይ መስርሕ ብምግባር፡ 26 ተጻወትቲ ብምጥርናፍ፡ ኣብ 'ሆስቴል' ተጠርኒፉ ጽዑቕ ልምምድ ኣብ ምክያድ ትርከብ ምህላዋ ህዝባዊ ርክባት ፈደረሽን ኲዕሶ እግሪ ኤርትራ ሓቢሩ፣

ካብ ጠቕላላ እቶም ጻውዒት እተገብረሎም ተጻወትቲ (40) ናብ'ዚ ሕጂ ሒዛቶ ዘላ ቁጽሪ (26) ንምብጻሕ፡ ፈለማ ምሉእ ጥዕናዊ መርመራ ብዝምልከቶም ሰብ ሞያ ጥዕና ክካየደሎም እንከሎ፡ ቀጺሉ ምሉእ ኣካላዊ ብቕዓትን ቁመናን፡ ተክኒካውን ታክቲካውን ብቕዓቶም እዩ ተራእዩ፣

ነቶም ኣብ ተክኒካውን ታክቲካውን ብቕዓት ኣቐዲሞም ዘይሰገሩ፡ ግዜ ተዋሂቡ ካልኣይ ግዜ ንኽምዘኑ ዕድል ብምሃብ እዩ ተኻይዱ፣ ነቶም ኣቐዲሞም ሕክምናዊ መርመራ ክሰግሩ ዘይከኣሉ ግን ንእለት ከምዝፋነወ እዩ ተገይሩ፣ ነዚ እተጠቕሰ ረቛሒታት ዝሰገሩ ሰለስተ ሓለውቲ ልዳት ዝርከብዎም 26 ተጻወትቲ ከኣ ኣባላት እታ ሃገራዊት ጋንታ ክኾኑ በቒዖም ኣለዉ፣

ነዛ ሃገራዊት ጋንታ ኤርትራ ትሕቲ 20 ዓመት፡ ኣቶ ኣለምሰገድ ኤፍሬም ቀንዲ ዓላሚ፡ ኤልያስ ዓሊ ዓላሚ ኣካላዊ ብቕዓት፡ ዘወንጌል እምባየ ዓላሚ ሓለውቲ ልዳት፡ ሙሉጌታ ሃብተገርግሽ ድማ ሓኪም ጋንታ ብምዃን ንድልውነታ ይሰርሑ ኣለዉ፣

ሃገራዊት ጋንታ ኲዕሶ እግሪ ኤርትራ ትሕቲ 20 ዓመት፡ ካብ ዝቖመትሉ ዕለት ኣትሒዛ ንኣስታት ሓደ ወርሒ ስሩዕ ልምምድ ተካይድ ብምህላዋ፡ ተጻወትቲ ብዓለምቶም ንዝወሃቦም ዘሎ ተክኒካውን ታክቲካውን ስልትታት ከመይ ይትግብርዎ ንምርኣይ፡ ምሕዝነታዊ ግጥም ኣገዳሲ ኮይኑ ስለ እተረኽበ ከኣ፡ ቀዳም 15 መስከረም 2018፡ ምስ ሕርይቲ ጋንታ ሓይልታት ምክልኻል ኤርትራ፡ ኣብ ሰዓታት ድሕሪ ቐትሪ፡ ኣብ ስታድዩም ከረን (ጆኮ) ምሕዝነታዊ ግጥም ከተካይድ እያ፣

ኣሰንስዮ፡ ባሎተሊ፡ ጆርጅ ዊያ . . .

ዓበይቲ ክለባት ዓለም፡ ካብ ጸወታ በኺረናሉ ኣብ ዘለዋ እዋን፡ ሃገራውያን ጋንታታት ኣብ ግጥማት መጻረዪ፡ ምሕዝነትን ኔሽንስ ሊግን ካልእን ተጸሚደን ይርከባ። ኣብ ዝሓለፈ ሳልስቲ፡ ኣብ ዝተኻየደ ግጥማት ሃገራውያን ጋንታታት፡ ፕረዚደንት ላይበርያ ዝተሰለፈሉ ጸወታ፥ ራሽፎርድ ዝደመቐሉ ቅነን ካልእን ገለ ካብቶም ሲናርዮታት እዮም።

ራሽፎርድ

ድሕሪ ውድድር ዋንጫ ዓለም 2018፡ ሓያለ እንግሊዛውያን ተጻወትቲ ኑቲ ኣብ ሩስያ ዘርኣይዎ ብቕዓት ንምቕጻል ከምዘይተጸገሙ ይንገር፣ እንግሊዛውያን ንብቕዓት ትሪፔየርን ማጓየርን ክሳብ ሎሚ ለይቲ የድንቑ፣ ይኹን እምበር ማርኮስ ራሽፎርድ ድሕሪ እቲ ውድድር ብቕዓቱ ባይታ ከምዝዘበጠ እኳ እንተ ተሓበረ፡ ኣብዚ ሕጂ እዋን ግን መድሕን ናይታ ሃገራዊት ጋንታ ኮይኑ ምቕራቡ ብዕሊ ይግለጽ ኣሎ፣ ኣታዊ ወጻኢ ብቕዓት ክለብ ማንቸስተር ዩናይትድ፡ ንምንቅስቓስ ራሽፎርድ ብኣሉታ ከምዝጸለዎ ይትንተን፣ ኮይኑ ግና፡ እንግሊዝ ምስ እስጳኛ ኣብ ውድድር ኔሽንስ ሊግ ኣብ ዘካየደቶ ግጥም፡ ራሽፎርድ ደሚቑ ክረአ ክኢሉ እዩ፣ ዋላ'ኳ እንግሊዝ ብእስጳኛ 2ብ1 እንተ ተረትዐት፡ ነታ ካብ ባዶ እተድሕን ሸቶ እንግሊዝ ራሽፎርድ ምምዝጋቡ እቲ ካልእ ኣርእስቲ እዩ፣ ብሰሉስ ከኣ፡ እንግሊዝ ኣብ ስታድዩም ኪንግ ፓወር ንስዊዘርላንድ ኣብ ዝሰዓረትሉ ግጥም ምሕዝነት፡ ራሽፎርድ እቲ እንኮ ንስሙ ኣብ መዝገብ ኣመዝገቡቲ ሸቶ ዝሰፈረ ተጻዋታይ ናይቲ ግጥም እዩ፣ ብሓፈሻ፡ ራሽፎርድ ስሙ ኣብ ክለቡ ማን ዩናይትድ ክኹልዕ እኳ እንተ ተጸገመ፡ ኣብ ተኸታተልቲ ጸወታታት ሃገራዊት ጋንታ እንግሊዝ ሸቶ ምምዝጋቡ ኣርእስቲ ክሰርሕ በቒዑ ኣሎ፣

ኢጣልያን ባሎተሊን

ንውድድር ዋንጫ ዓለም 2006 ዝተዓወተት ኢጣልያ፡ ናብቲ ቅድሚ ሒደት ኣዋርሕ ኣብ ሩስያ ዝተኣንገደ ውድድር ዋንጫ ዓለም ክትበጽሕ ዘይምኽኣላ ይዝከር፣ ኣብ ትሕቲ ኣሰልጣኒ ሮቤርቶ ማንቺኒ ዓቢ ለውጢ ክተምጽእ ብደገፍታ ትጽቢት ተገይሩላ ዘሎ ኢጣልያ፡ ንከም ማርዮ ባሎተሊ ዝኣመሰሉ 'ጠባይ ዘይብሎም' ተጻወትቲ ሒዛ ኣብ ጸወታ ተጸሚዳ ቀንያ፣ ምስ ፖላንድ 1ብ1 ዝተፈላለየት ኢጣልያ፡ ብፖርቱጋል 1ብ0 ድሕሪ ምስዓራ ሱር በተኻዊ ለውጢ ከምዘድልያ ብእዋኑ ዝተረድኣት ትመስል፣ ልዕሊ ኹሉ፡ ኣብ መስመር ምጥቃዕ ዘሎ ሃጓፍ እታ ጋንታ ስኒ ኣልቦ ኣንበሳ ክትመስል ኣገዲዱዋ ኣሎ፣ ማርዮ ባሎተሊ እውን ልዕሊ ዓቐን ብምኽራሹ ናብ ክለቡ ክምለስ ተወሲኑ ይርከብ፣ እዚ ኢጣልያዊ ተጻዋታይ፡ ኣብ ክብደቱ 15 ኪሎግራም ክንኪ ተሓቲቱ ኣሎ፣

ጆርጅ ዊያ

ካብ ጸወታ ኵዕሶ እግሪ ካብ ዝፋኖ ኣስታት 15 ዓመታት ዘቑጸረ ፕረዚደንት ላይበርያ ጆርጅ ዊያ፡ ዳግማይ ናብ ጸወታ ዝተመለሰሉ ጸወታ እውን ኣብዚ ሳልስቲ እዩ ተኻዪዱ፣ ኣብ ታሪኽ ጸወታ ኵዕሶ እግሪ እቲ እንኮ ኣፍሪቃዊ ንሽልማት ባሎን ዲ ኦር ዘልዓለ ዊያ፡ ሃገሩ ላይበርያ ምስ ናይጀርያ ኣብ ዘካየደቶ ግጥም ምሕዝነት እዩ ተሰሊፉ፣ ዋላ'ኳ ላይበርያ ኣብ ሜዳኣ ብናይጀርያ 2ብ1 እንተ ተሳዕረት፡ ወዲ 51 ዓመት ዊያ ግና ነታ ጋንታ ብመዘነት ሓለቓ ን79 ደቓይቕ ካብ ምምራሕን ዝነኣድ ምንቅስቓስ ካብ ምርኣይን ዓዲ ኣይወዓለን፣ ዊያ ብዘይካ ምጽዋቱ። ነታ ንነዊሕ ዓመታት ዝወደያ ቁጽሪ 14 ማልያኡ እውን መፋነዊ ገይሩላ እዩ፣ ማሕበር ኵዕሶ እግሪ ላይበርያ እውን እታ ማልያ (ቁጽሪ 14 ምኳና እያ) ንኻልእ ተጻዋታይ ከይትወሃብ ንኽብሪ ዊያ ክትቅመጥን ወሲኑ፣ ሄንሪ ኦንየኩን ሲሞን ኣንዋንዝኮአን ብዘቑጸሩወን ሸቶታት ዝተዓወተት ናይጀርያ፡ ኣንጻር ዕድመ ዝደፍአ ዊያ ምጽዋታ ንሓያለ ደገፍታ ከምዘቐጠየም ሓቢሩ፣ ኬፓ ሸርማን ድማ ንላይበርያ ካብ ባዶ ዘናገፉ ተጻዋታይ እዩ፣ ዊያ፡ ምስ ክለባት ሞናኮ፡ ፒኤስጂን ማርሴን ኣብ ፈረንሳ፥ ምስ ሚላን ኣብ ኢጣልያ ከምኡ ድማ ምስ ክለባት ማን ሲቲን ቸልሲን ኣብ ዓዲ እንግሊዝ ብሉጽ ናይ ጸወታ እዋን ምሕላፉ ይዝከር፣ ኣብ 1995 ብሉጽ ተጻዋታይ ዓለምን ብተመሳሳሊ ተሸላሚ ባሎን ዲ ኦርን ዝኾነ ዊያ፡ እቲ እንኮ ኣፍሪቃዊ ተጻዋታይ ነዚ ዝበቕዐ እዩ፣ በዚን ካልእን ህቡብነቱ ጥርዚ ዝበጽሐ እዚ ናይጀርያዊ ተጻዋታይ 'ነበር'፡ ዝሓለፈ ታሕሳስ እዩ ፕረዚደንት ላይበርያ ኮይኑ ተመሪጹ፣ እዚ ከምዚ'ሉ እንከሎ፡ ንሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ ዝሰለፍ ወዱ ንዊያ ቲሞቲ እውን፡ ኣቦኡ ናይ መፋነዊ ጸወታ ኣብ ዘካየደሉ እዋን፡ ማልያ ኣመሪካ ወድዩ ኣንጻር ሜክሲኮ ምስላፉ መራኽቢ ብዙሃን ሓቢረን፣

ማርኮ ኣሰንስዮ

ምስ ክለቡ ሪያል ማድሪድ ክልተ ግዜ ጽዋእ ሻምፕዮንስ ሊግ ኤውሮጳ ዘልዓለ ኣሰንስዮ፡ ምስ ምኻድ ሮናልዶ ናብ ጁቬንቱስ ኣብ በርናቡ ከም ዲናሞ ነታ ጋንታ ከንቀሳቕሳ ትጽቢት ተነቢሩሉ ኣሎ፣ ኣቐዲሙ ግና እዚ እስጳኛዊ ተጻዋታይ፡ ኣብ ውድድር ኔሽንስ ሊግ ብምድማቑ ኣቓልቦ ስሒቡ ይርከብ፣ ኣብ ውድድር ኔሽንስ ሊግ ምሉእ ሽዱሽተ ነጥቢ ኣዋህሊላ እትርከብ እስጳኛ፡ ብቕድሚ ትማሊ ንክሮኦሽያ 6ብ0 ኣብ ዘዕነወትሉ ጸወታ ኣሰንስዮ ሰለስተ ንሸቶ ዝኾና ኮዓሳሱ ንደቂ ጋንታኡ ከቕብል እንከሎ ካብ ነዊሕ ዝቐልዓ ኵዕሶ ድማ ኣብ ሰኪዔት ከዕልባ ክኢሉ እዩ፣

ሪቻርሊሰን

ኣብ ሓዳስ ክለቡ ኤቨርተን፡ ቦታኡ ብምውሓሱ ብሃገራዊት ጋንታ ብራዚል ጻውዒት ዝቐረበሉ ሪቻርሊሰን፡ ቁጽሪ 9 ማልያ ወድዩ ዘርኣዮ ብቕዓት ኣቓልቦ ሓያለ ተዓዘብቲ ክስሕብ ክኢሉ ኣሎ - ኣብዚ ሰሙን'ዚ ብራዚል ኣብ ዘካየደተን ግጥማት ምሕዝነት። እዚ 50 ሚልዮን ፓውንድ ዝዋጋኡ ተጻዋታይ፡ ንቦታ ፔድሮ ብግቡእ ሽፊኑ ይርከብ፣ ብራዚል፡ ኣንጻር ኤልሳልቫዶርድን ኣመሪካን ኣብ ዝገጠመትሉ ጸወታ፡ ሸቶታት ዘመዝገበ እዚ ተጻዋታይ'ዚ፡ ኣብ ሃገራዊት ጋንታ ብራዚል 'ለውጢ' ከምጽእ እምንቶ ኣሎ፣ ብራዚል፡ ኣብ ውድድር ዋንጫ ዓለም 2018 ዳር ትርኢታ ምርኣያ ይዝከር፣

ኣይስላንድ

ተጻወትቲ ኣይስላንድ፡ ኣብ ውድድር ዩሮ 2016 ዘርኣይዎ ተኣምራታዊ ብቕዓት፡ ንህዝቢ ዓለም ምዝራቡ ይዝከር፣ እዛ ካብ 350,000 ዘይሓልፍ ብዝሒ ህዝቢ ዘለዋ ሃገር፡ ዋላ'ኳ ካብ ናይ ምድብ ጸወታታት ውድድር ዋንጫ ዓለም 2018 ክትሓልፍ ኣይተኻእለ፡ ኣብቲ ደረጃ ጥራይ ብምብጻሓ ብሓያለ ሰባት ተወዲሳ እያ፣ ይኹን እምበር፡ ድሕሪ እዚ ውድድር ኣይስላንድ ንዝሃነጸቶ ብቕዓት ክትቅጽሎ ኣዚያ ምጽጋማ እዚ ኣብ ኔሽንስ ሊግ እተካይዶ ዘላ ግጥማት ብንጹር ይሕብር፣ ብስዊዘርላንድ 6ብ0 ዝተደሃኸትሉ ከምኡ ድማ ብበልጁም 3ብ0 ዝተሳዕረትሉን ግጥም ናይዚ ሰሙንዚ፡ እቲ ኻልእ ኣዛራቢ ኣርእስቲ ኣይስላንድ እዩ፣ ኣይስላንድ፡ ብፍላይ ብበልጁም ዝወረዳ ስዕረት፡ ድሕሪ ሰነ 2013 ናይ ፈለማ ስዕረት ኣብ ሜዳኣ ኮይኑ ተሰኒዱ ኣሎ፣

ሽባሽብ

ሃማመተኤ

ሓሳባት

ሲኒኪዝም

ተስፋሚካኤል ወልደጋብር ረድኢ

ተዛረብቲ ቋንቋ እንግሊዝ ንሓደ ነብሱ ዘዋደቐ፤ ጽሬት ኣካላቱ፡ ኣልባሳቱ፡ መንበሪኡ፡ ከባቢኡ ዘይግድሶ፡ ስልቹው ሰብ 'ሲኒክ' 'ሲኒካል' ይብልዎ። 'ሲኒክ' ንተመልካቲኡ ራኢ መጻኢኡ ዘጥፍአ፡ ኣንፈት ህይወቱ ዝሰሓተ፡ ኣብ ወልፍታት ዝተዓቖበ፡ ብዝኾነ ነገር ዘይግደስ፡ ስምዒት ኣልቦ እዩ ዝመስል። ንገዛእ ነብሱ ዘለዎ ርድኢት ግን ዝተፈልየ እዩ። ቅዱ ህይወቱ ኣዝዩ በሪኹን ዝበለጸን ምዃኑ ይኣምን። ንህይወትን ዓለምን ብናቱ ዝተፈልየ ኩርናዕ ህይወት ይርኢ። ርድኢት ኣለዎ። ዕላማ ኣለዎ። ስለዚ ነቶም ተራን ስሩዕን ዘይተመርመረ ህይወት ዝመርሑ ብዓይኒ ኣቃሚጭ ይርእዮም። 'ሲኒክ' እምበኣር ፈላስፋ እዩ። ሲኒኪዝም ሓደ ዓውደ ፍልስፍና ወይ ቅዲ ናብራ ህይወት እዩ።

ሰብ ንምንታይ ዕላማ ይነብር? ንዝብል ረዚን ሕቶ ድማ መልሲ ይቐርብ።

ኣነ፡ ንስኻ፡ ንስኺ ንምንታይ ዕላማ ንነብር? ስለዝተፈጠርና ጥራይ ስቕ ኢልናዶ ንነብር ኣለና? ስለዘይሞትና፡ ስለ ዘለና ጥራይዶ ንቕጽል ኣለና? ርጡብ መልሲ ኣለናዶ? ንምንታይ ዕላማ ንነብር?

ሰባት ስለ ዝኾንና ብርትዓዊ ደረጃ ኣተሓሳስባ መልሲ ክንቕርብ ትጽቢት ክግበር ባህርያዊ እዩ። ኩልና ኣብ ጉዕዞ ህይወትና ዉሑድ ዘይኮነ እዋናት 'ንምንታይ ዕላማ ይነብር ኣለኹ?' ኢልና ክንሓስብ ሰገጥ ኢልና ከም ዘለና መቸም ርዱእ'ዩ። ህይወት ሓጻር እያ። እታ እንፈርሓ ሞት'ውን መዓልታ ሓልያ ናብ ዓዲ ኩልና ክትሕውሰና እያ። እሞ እዚ እንነብሮ ዘለና ህይወት ንምንታይ ዕላማ ንነብሮ ኣለና?

በዳሂ ሕቶ እዩ። እዚ ኣዝዩ ኣገዳሲ ሕቶ'ዚ ኣብ ታሪኽ ወዲ ሰብ፡ ብመንገዲ ሃይማኖታት፡ ፍልስፍናታት፡ ርድኢታት ዝተፈላለየ መልሲታት ተዋሂብሉን ንኣገባብ ኣነባብራ ደቂ ሰባት ብዓቢ ደረጃ ጸልዮምን እዩ። ንምንታይ ዕላማ ከም ትነብር ፈሊጥካ ኣለኻ ማለት፤ ንኽትነብር እንታይ ትገብር ወይ ንምንታይ ትገብሮ ኣለኻ ኣለሊኻ ፈሊጥካ ኣለኻ ማለት'ዩ። ምኽንያቱ፡ ሓደ ሰብ ዝገብሮ ተግባራት ምኽንያት ክህልዎ ስለ ዘለዎ። እቲ ደፋኢ ምኽንያት ድማ ብቐንዱ እቲ ዕላማ እዩ። ዕላማ ህይወትካ ድማ ምኽንያት ኩሉ ኣብ ህይወትካ እትገብሮ ወይ ክትገብሮ እትደሊ ይኸውን ማለት እዩ።

ወዲ ሰብ ዝገብሮ ተግባር ሓጎስ ንምርካብ ወይ ድማ ንዘየሐጉሶ ንምጉዳል (ኣብዚ ህይወት'ዚ ይኹን ኣብ ካልእ ቀጻሊ ህይወት) እዩ ኢልና መልሲ ክንህበሉ ንኽእል። ስለዚ ዕላማ ህይወትና ሓጎስ ንምርካብ እንተ ደኣ ኮይኑ፡ ብጥቕልሉ ኩሉ እንገብሮ ድማ ሓጎስ ንኽንረክብ ወይ ድማ ንዘየሐጉሰና ንኽነጉድል ወይ ንኽንኣሊ ይኸውን።

ሲኒኪዝም (Cynicism) ጥንታውያን ግሪኻውያን ካብ ዘማዕበልዎም ፍልስፍናታት ሓደ እዩ። እዚ ፍልስፍና'ዚ ሰብ ሓጎስ ንምርካብ'ዩ ዝነብር'ሞ፡ ሓጎስ ንኽረክብ እንታይ ክገብር ኣለዎ ወይ ድማ ብኸመይ መንገዲ ብምልኣት ክሕጎስ ይኽእል ንዝብል ሕቶ ክምልስ ይፍትን። ቀንዲ ሰረት ናይዚ ፍልስፍና'ዚ ድማ፡ 'ሰብ ሓጎስ ዝረክብ ንሞራላዊ ክብርታት ብዘውሕስ ኣገባብ ምስ ዝነብር ጥራሕ እዩ፡' ይብል። እዚ ማለት ድማ ወዲ ሰብ ሕጉስ ህይወት ክመርሕ ዝኽእል፡ 'ነቲ ውሽጣዊ ሞራላዊ ዕግበት ዝህብ ተግባራትን ነገራትን ብምስዓብ ወይ ድማ ብኣንጻሩ ነቲ ሞራላዊ ዕግበት ዘይህብ ነገራትን ተግባራትን ብምጉሳይ እዩ፡' ይብል።

ሲኒክ (Cynic) ካብ 'Κύνος' ዝብል ናይ ግሪኽ ቃል ዝፈለቐ ኮይኑ ትርጉሙ 'ከልቢ' ምዃኑ'ዩ። ምኽንያት ናይ'ዚ፤ እቶም ነዚ ፍልስፍና'ዚ ዝኣምንሉን ዝስዕብዎን ዝነበሩ ሰባት፡ ከም ተራ ሰብ ክትሓስቦ እንክለኻ ምስ ናይ ከልቢ ዝመሳሰል ሕሱር ህይወት የሕልፉ ተባሂሎም ይእመነሎም ስለ ዝነበሩ እዮም። ንባዕላቶም'ውን ብዘይሕፍረት 'ንስለ ቅኑዕ ቅዲ ናብራ ዝናብሐ ኣኽላባት ኢና፡' ኢሎም ስለ ዝኣምኑ'ውን መለዩኦምን መለለዩ'ቲ ዝኣምንሉ ፍልስፍናን ኮይኑ። ካብ ሰቦም፡ ስድራቤቶም፡ ሕብረተሰቦም ተነጺሎም፡ ከም ተናበይቲ ጉደና ፍንፉን ዝመስል እንተ ኾነ ግን ዝኣምንሉ ኣገባብ ናብራ ክነብሩ ይፍትኑ ስለ ዝነበሩ ድማ 'ናይ ከልቢ ፈላስፋታት' ብዝብል ቅጽል ስም ይልለዩ ነበሩ።

ኣንቲስተነስ (Antisthenes)፡ ሓደ ካብ ቀዳሞት ተመሃሮ ሶቕራጠስ፡ ነዚ ፍልስፍና'ዚ ዘማዕበለ ግሪኻዊ ፈላስፋ እዩ። ንሱ፡ ድሌታት ደቂ ሰባት መወዳእታ ዘይብሎምን ፍጹም ከነዕግቦም ከም ዘይንኽእልን ይዛረብ። ሓደ ነገር ደሊና ምስ ተበገስና ንረኽቦ፡ ግን ኣይንዓርፍን። ካልእ ዝበለጸ ኢና ንደሊ። ንዕኡ ምስ ረኸብና ድማ ንኻልእ ነቓምት። እዚ ዘይነጽፍ ድሌታት ወይ ስስዐ ደቂ ሰባት ድማ መወዳእታ የብሉን። ኣብ መጨረሽታ ድማ ናብ ጭንቀት፡ ወጥሪ፡ ፍጹም ዘይዕግበት ኣብ ህይወት ይመርሑና። ኣንቲስተነስ፡ እቲ ሓቂ እዚ ስለ ዝኾነ ሓደ ንሞራላዊ ክብርታት ዝነብር ሰብ ነዞም ዘይዓግቡ ድሌታት እዚኣቶም ኣወንዚፉ ክነብር ኣለዎ ዝብል ስነ ሓሳብ ነበሮ። ካብ'ዚ ብምብጋስ ድማ 'ነብሲ ካብ ስጋ ንላዕሊ ስለ እተገድስ፡ ንስለ ዕግበት ነብሲ ንስጋዊ ድሌታት ብጭራስ ክንጎስዮም ኣለና፡' ይብል ነበረ። እቲ ነዚ ዝኣምን ሰብ ድማ 'በቲ ዘለዎ ጥራሕ ዓጊቡ ክነብር ክኽእል ኣለዎ፡' ኢሉ ድማ የስዕብ።

ብመሰረት ሲኒካዊ ፍልስፍና ሞራላዊ ዕግበት ምስ ተፈጥሮ ተመሳሲልካ ክትነብር ምኽኣል እዩ። 'ተፈጥሮ ብኸመይ ክትነብር ከም ዘለካ ተመልክተልካ እያ'ሞ ክትነብሮ ፈትን፡' ይብል። እዚ ማለት ከኣ ሓጎስ ብዘለካ ክትዓግብ ብምኽኣልን ነብስኻ ብምምላኽን እዩ ዝርከብ ማለት'ዩ። እዚ ኣሳሪ ሓሳብ ናይ'ዚ ፍልስፍና እዩ። ሰብ ብፍጥረቱ ስለ ዘይዓግብ ነዚ ሸውሃት እዚ ንምርጋጥ ልዑል ሞራላዊ ነብሰ ግትኣት የድልዮ። ነዚ ንምግባር ድማ ንኹሎም ቅቡላት ጸጋታት ናይዛ ዓለም፤ ዝና፡ ስልጣን፡ ሃብቲ፡ ወዘተ. ሕቐኡ ክህቦም ኣለዎ።

ፍልስፍና ሲኒኪዝም፡ ብተዘዋዋሪ ኣብ ጻዕዳ ድኽነት ክትነብር ከም ዘለካ የስተምህር። ንዘለካ ጥሜት ከፀግስ ዘኽእል ዝብላዕ ክሳብ ዝሃለወካ፡ ንዘለካ ጥሜት ዘርዊ ዝስተ ክሳብ ዝሃለወካ፡ ንዝባላዕ ቊሪ ዝከላኸልን ካብ ጸሓይ ዘጽልልን መዕቀቢ ክሳብ ዝሃለወካ ድማ ካልእ እትደልዮ የለን ማለት'ዩ። ብመሰረታዊን ብቐሊሉ ክትረኽቦ ብእትኽእልን ክትዓግብ ምስ ጀመርካ ድማ፡ ኣብ ህይወት እትደልዮም ነገራት ይውሕዱ። ድሌታት እንተ ውሒዶም፡ ወይ ብጭራሽ እንተ ኣለኻዮም ድማ ፍጹም ሓጎስ ክትረክብ ትኽእል። ምኽንያቱ ንወዲ ሰብ ኣብ ጭንቀትን ወጥርን ዝሸምዎ እቶም ዘይዓግቡ ድሌታቱ እዮም።

ፍልስፍና ሲኒኪዝም ኣብ ሰለስተ ነጥብታት ይእሰር። ነብሰ ግትኣት፡ ናጽነትን ዘይምሕፋርን። ነብሰ ግትኣት ኣንጻር ዉሁብ ዝተወሰዱ ድሌታት ምቅላስ ማለት ክኸውን እንከሎ፡ ናጽነት ድማ ንህይወትካ ከም ቃሕታኻ ክትነብር ምኽኣል ማለት እዩ። ብኸም ዉሁብ ዝተወሰዱ፡ ባህልታት፡ እምነታት፡ ወላ'ውን ሕጊ ኣይትቐየድን። ሲኒካውያን ዝልለይሉ ካልእ ባህርያት ድማ ዘይሕፍረት እዩ። ኣብ ቅድሚ ሰብ ምብላዕ፡ ኣነወርቲ ነገራት፡ ወዘተ. ምፍጻም ቅጭጭ ኣይብሎምን። ኣብ ጉደና ተጸጊዖም እንተ ተቐመጡ ስኽፍ ኣይብሎምን። እኳ ደኣ ነቲ ተራ ሓፋሽ ዝነብሮ ቅዲ ህይወት ይንዕቁን የቃጭጩን።

እዚ ኣተሓሳስባ'ዚ ካብ ሕብረተሰብ ተገሊልካ ከም ምንባር ክሕሰብ ይኽእል ይኸውን። እቲ ሓቂ ግን ብኣንጻሩ እዩ። ሲኒካውያን፡ ኣብ መንጎ ሕብረተሰቦም ብዘይ ሕፍረት እናተንቀሳቐሱ፡ ንዝወርዶም ጸርፍን ዘለፋን ከም ጸጋ እናተቐበሉ፡ ኪንዮኡ ብምኻድ'ውን ንዝነብርዎ ናብራ ከም ዝበለጸ ኣሚኖም ነቲ ሕብረተሰቦም ከም ንቡር ዝወስዶ ሜላ ናብራ ብግልጺ ዝብድሁ እዮም። ሰባት ከምዚ ምስ ዝገብሩ እዮም ሞራላዊ ክብርታት ወኒኖም ናይ ብሓቂ ሕጉስ ህይወት ክመርሑ ዝኽእሉ ድማ ይብሉ።

ኣንቲስተነስን ሰዓብቱን ነዞም ርድኢታት እዚኣቶም ኣብ ግብሪ ክትርጉምዎም ይጽዕሩ ነይሮም እዮም። እቲ ሕብረተሰቦም ንዘተግብሮም ልምድታት ፍጹም ብምጉሳይ ድማ ዝተፈልየ ቅዲ ህይወት ይነብሩ ነበሩ። ኣብ ጽሬት ኣካላቶም ኣይግደሱን፡ ኣብ መርዓ፡ ሃብቲ፡ ስልጣን፡ ዝና ድማ ኣይግደሱን። እንተኾነ ግን ኣንቲስተነስ፡ ነዚ ፍልስፍና'ዚ የማዕብሎ ደኣ'ምበር፡ ብምልኣት ይነብሮ ኣይነበረን። እኳ ደኣ ኣብቲ ዝመስረቶ ፍልስፍናታቱ ዝምህረሉ ቤት ትምህርቱ ሃብታማት ግሪኻውያን እዮም ብኽቡር ገንዘብ ዝመሃሩ ዝነበሩ።

ንፍልስፍናታቱ ከም ዘለዎ ኣብ ህይወቶም ከተግብርዎ ዝቃለሱ ዝነበሩስ ካልኦት እዮም። እቲ ህቡብ ዲጂነስ ሓደ ካብ ሰዓብቱን ብፍልስፍናታቱ ክነባበሩ ዝፍትኑ ዝነበሩን እዩ። ንሱ ሓደ ካብቶም 'ናይ ከልቢ ፈላስፋታት' ጥራይ ኣይነበረን። እኳ ደኣ ንነብሱ ባዕሉ ዘጥበቐላ ቅጽል 'ከልቢ' ዝብል ሳጓ'ዩ ዝነበሮ። ዲጂነስ፡ በቲ ምኑን ኣገባብ ናብርኡ ፍሉጥ'ዩ ዝነበረ። ንሱ ሕፍረቱ ዝሸፍን ማዕጠቕን፡ ኣብ ምንቅስቓስ እትሕግዞ ሓንቲ በትርን ጥራሕ ዝውንን፡ ከም ገዛኡ ሓሲቡ ኣብ ቊራጽ በርሚል ዝቕመጥን ሰብ'ዩ ዝነበረ። ሓደ እዋን ኣለክሳንደር ዓቢ ኣብ'ታ ከም ገዛኡ ዝነብረላ ቊራጽ በርሚል ክበጽሖ መጽአ። ዕላሉ በጺሕዎ ስለ ዝነበረ ድማ ኣብ ቅድሚኡ ደው ኢሉ 'ንስኻ ዲኻ ዲጂነስ' ክብል ሓተቶ። 'እወ' ክብል መለሰ ዲጂነስ። ኣለክሳንደር ዓቢ በቲ ኣብ ኣካላቱ ፍጹም ሸለልትነት ዝነበሮ ዲጂነስ ተገሪሙ ነበረ።

'ሓቂ ድዩ ኣብ ህይወት እትደልዮ ወላ ሓንቲ ነገር የለን ኢሎም ዘዕልሉልካ?' ኢሉ ድማ ሓተቶ። ዲጂነስ፡ ህድእ ኢሉ 'ኣይፋልን፣ ሓደ ነገርሲ'ባ ምደለኹ፡' ክብል መለሰሉ። ኣሌክሳንደር ዓቢ፡ 'እንታይ እዩ እቲ እትደልዮ?' ኢሉ ካልእ ሕቶ ኣስዓበሉ።

'ኣብ ቅድመይ ደው ኢልካ ጸሓይ ንግሆ ትኽውለኒ ስለ ዘለኻስ፡ እልይ ክትብለለይ ምደለኹ፡' ኢሉ መለሰሉ። ኣሌክሳንደር ዓቢ በዚ ተገረመ። 'ብዘይካ ኣሌክሳንደር፡ ካልእ መን ክትከውን ምደለኻ እንተ ዝበሃልስ ዲጂነስ ምበልኩ፡' ኢሉ ብምምላስ ድማ ኣድናቖቱ ገለጸ።

ሲኒኪዝም፡ ፍልስፍና ጥራሕ ዘይኮነ ቅዲ ህይወት'ውን እዩ። ብዘይካ ነብስኻ እትውንኖ ዓለማዊ ነገር ወይ ንስጋ ዘዕግብ ዝኾነ ዋኒን ይኹን ርድኢት ስለ ዘየለ ድማ ደጋዊ ህይወትካ ቀሊል እዩ። ዝኾነ ነገር ኣይትደልይን ኢኻ። ስለዘይትደሊ ድማ ዕጉብ ኢኻ። ዕጉብ ኢኻ ማለት ድማ ሕጉስ ኢኻ ማለት እዩ።

ሲኒኪዝም ወዲ ሰብ ብኸምዚ ዝተጠቕሰ ጥራሕ እዩ ክሕጎስ ዝኽእል ኢሉ ዝምጉት ክንሓስበሉ ኣገዳሲ ዝኾነ ፍልስፍና ሜላ ናብራ ህይወት እዩ።

ትጽቢት ትማሊ

መዐቐኒ ናይ ብዙሕ ፍጻመ
ተዋሂብዎ ግዜ ዝብል ስያመ

በቲ ዝተሓተ መዐቐኒኡ ካልኢት
ዝጀመረ ጉዕዞ

ዘይልወጥ ፍጥነቱ ኣእምሮ ወዲ-ሰብ
ዘይጥምዝዞ

ህያብ ፈጣሪ መሰተንክር ምህዞ

ደቓይቕ ሰዓታት ብዙሕ ፍጻመታት ጓራቱ
መወዳእታ ኣልቦ ለውጥታት ምስ ምንዋሕ
ቁሙቱ

ብሓሳብ ኣእምሮ ዘይግመት ምልኣቱ
ሰዓት ወሊዱ ሰዓታት የእኪሉ መዓልቱ

መዓልታት ብመዓልታት ተተኻኺኡ
እቲ ሎሚ ትማል ተጸዊዑ
ፍረ ጽባሕ ዝተባህለ ሎሚ ፈርዩ ጠጢዑ
እቲ ትማሊ ቅድሚ ትማሊ ኮይኑ ዓዲ
ኣርሒቑ

መዓልታት፡ ሰሙናት፡ ኣዋርሕ፡ ዓመታት
ዝብል ኣስማት ዝሓዘ ግዜ
ይሓልፍ ኔሩ፣ ይሓልፍ ኣሎ፣ ክሓልፍ'ዩ
ብዘይ ለበዋ ኑዛዜ

ትማሊ ትማልታት እናፈጠረ
ካብ ሎሚ ኣዝዩ ረሓቐ ንዘልኣለም
ተሰወረ

ከምዚ ኔሩ ከምዚ ተገብረ
እናተባህለ ታሪኽ ተሰይሙ እቲ ትማሊ
ዝኸበረ

እሞ....... ንትማሊዶ ትጽቢት
እንክለና ድንግል ግዜ ኣብ ቅድሚት
ማዕጸድ ዘይሓለፎ ሰዊት
ከም እናሓደረ ዝምቅር ነቢት

ማዕጺድ ጻዕሪ ኣብ ኢድና ኣሎ
ግራት ግዜ ኣብ ቅድሜና ኣሎ
ንእመን እሞ ኩሉ ከም ንኽእሎ
ዝኸጠበ ግዜ እናዓቀብና ንሰሃሎ

ግን... ጽባሕ ኣብ ትማሊ'ዩ'ሞ ዝምርኮስ
ቅሩብ ገጽና ኑብል ምልስ
ኑቲ ትማል ኣብ ባይታ ዝወደቐ ዘይኮና
ክንሓፍስ
መታን ጽባሕ ከምኡ ከይነፍስስ
እምበር ኣይግድን ትጽቢት ንትማሊስ
ክሳብ ዘይተኻእለና ንኹሉ ፍጻሚታት
ትማሊ ክንመልስ!!

ሙሴ ግርማጽዮን

ምልክታ

ቤተልሄም ታደሰ - እምነት ኣማኑኤል

ሊድያ ስልጣን

ኮማዊ ቤት ፍርዲ ዓዲ ዓጓ

ወ/ሮ ኣስመረት ኣርኣያ ስብሃቱ፡ በዓል-ቤተይ ገብረሂወት ገብረስላሴ መዓሾ ስለዝሞተ፡ ኣነ ምስ 9 ደቀይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበላ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን24/9/18 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ምልክታ ጨረታ

ኣብ ሰምበል ሆስፒታል ዝርከብ ሻምብቀታት ጽሩይን ረሳሕን መስመር ማይ ስለዝተባላሸው፡ ነዚ ዝሰርሕ ክኢላ ኣወዳዲርና ከነጸግኖም ስለዝመደብና፡ ግዱሳት ተጫረትቲ ክትቀርቡ ንዕድም።

- ተጫረትቲ ናይ 2017 ዝተሓደሰ ልቸንሳ ናይ ምግጥጣም መስመራት ማይ (plumbering) ክምጽኡ ኣለዎም።
- ተጫረትቲ ኣቐዲሞም ቦታ ስራሕን ዓይነት ስራሕን ብኣካል መጺኦም ክሪኡ ንሕብር።
- ተጫራቲ ወይ ሕጋዊ ወኪሉ ጥራይ ክጫረት ይፍቀደሉ።
- ተጫራቲ ናይ ጨረታ ሰነድ 50 ናቕፋ ከፊሉ፡ ካብ ምምሕዳር ሰምበል ሆስፒታል ይወስድ
- ጨረታ ኣብ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ካብ ዝወጸሉ፡ 7 ናይ ስራሕ መዓልታ ክፉት ኮይኑ ይጸንሕ። ኣብ ሻሙናይ መዓልቲ ሰዓት 10፡00 ቅድሚ ቀትሪ ተጫረትቲ ወይ ሕጋውያን ወኪሎም ኣብዘለውሉ ይኽፈት።

ምልክታ

ዓብደልነቢ ዓብደልቓድር ሑሴን ዝተብሃልኩ፡ ናይ ኣብ ከተማ ከረን ከባቢ 04 ዝርከብ ንብረተይ ዝኾነ ገዛውቲ፡ ብሚ/መ/ማ/ኣካባብን ቤ/ጽ ካዳስትራል ብመለለዩ ቁጽሪ 6፡000267 ብዕለት 22/10/2008 ከምኡ'ውን ብመለለዩ ቁጽሪ 6፡000263 ብዕለት 13/08/2008 ብስመይ ዝተመዝገበ፡ ቀንዲ ሰነዳት መረጋገጺ ዋንነት ስለዝጠፍኣኒ፡ ብዕዳ ወይ ብትሕጃ ሒዘዮ ኣለኹ ዝብል ሰብ፡ ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ መአገዲ ሒዙ፡ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልታት ናብ ቤት ጽሕፈት ካዳስተር ይቕረብ። እንተዘይኮይኑ ናይ ዝጠፍኣኒ ዋንነት መረጋገጺ መተካእታ ከውጽእ ምዃነይ ኣፍልጥ።

ኣቶ ዓብደልነቢ ዓብደልቓድር ሑሴን

ብስራት ንወለዲ

ወርዕዝ

መውዓሊ ህጻናት

ኣገዳስነት ቅድመ ትምህርቲ ንኩለንተናኣዊ ምዕባለ ህጻን ብግቡእ ተረዲኡ ነዚ ዝበቕዕ መማህራንን ምቹእ ቦታን ከምኡ'ውን ቅድሚ ሕጂ ዘይነበረ ብክኢላታት ዝካየድ ምክትታል ጥዕና ህጻናትን ኣዋዲዱ ደቅኹም ብዝግባእ ንኽስተምህር ምዝገባ ከምዝጀመረ የበስር።

ኹሉኹም ብኣካልን ብቴለፎንን ክትሓቱ ዝጸናሕኩም ነዚ ዓመት ዘሎና ቦታ ውሱን ስለዝኾነ ኣብዚ ዘሎ ናይ ምዝገባ ግዜ ደቕኹም ከይደንጎኹም ከተመዝግቡ ነተሓሳስብ።

ኣገልግሎት ቅድመ ትምህርቲ ዘካትት መባእታዊ ምዕባለ ህጻን ሓደ ካብቶም ህጻናት ኣብ ትምህርቲ ዕዉታት ንክኾኑን ኣብ ህይወቶም ድማ ብኣካልን በእምሮን ብሉጻት ኮይኖም ንኽወጹን ብሚኒስትሪ ትምህርቲ ብዙሕ ዝጸዓረሉ ዘሎን ሓደ ካብ ዓለምለኻዊ ሽቶታት ሚሌኒየም እዩ።

መባእታዊ ምዕባለ ህጻን መሰረት ዕዉት ሂወት ኢዩ!!

ኣድራሻና፡
ጎደና ተጋደልቲ ቁ.ገ. 66,
ከባቢ ቤት/ት/ፍረሰላም, ጎድኒ ክለብ ሱዳን
ቴል፥ 180369 / 07218090 / 07279780

ምልክታ ጨረታ

ምምሕዳር ሆቴላት መንግስቲ ኣብ ከተማ ከረን ንእትርከብ ከረን ሆቴል፡ ንሸዱሽተ ወርሒ ዝጸንሕ ቀረብ ስጋ፡ ኣሕምልትን ፍረታትን ከቕርቡ ንዝኽእሉ ሕጋውያን ነጋዶ ንጨረታ ይዕድም።

ተጫረትቲ ከማልእዎ ዘለዎም፦

- ናይ 2018 ዝተሓደሰ ፍቓድ ንግድን ቀዳሕ መንነት ወረቐትን።
- መኽበር ጨረታ 3,000.00 (ሰለስተ ሽሕ) ናቅፋ ብC.P.O ወይ ብዝተረጋገጸ ቸክ የትሕዙ።
- ተጫራታይ ሃገራዊ ግቡኡ ዝፈጸመ ወይ ዘይምልከቶ ክኸውን ይግባእ፡ (መረጋገጺ ሰነድ የቕርብ)።
- ምልክታ ጨረታ፡ ኣብ ጋዜጣ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ፡ ን5 ናይ ስራሕ መዓልታት ክፉት ኮይኑ፡ ሰነድ ጨረታ (መግለጽን ዝምላእ ቅጥዕን) ኣብ ኣስመራ፡ ኣብ ደምበ ሰምበል (እንዳ ኮርያ) ዝርከብ ህንጻ ሚኒስትሪ ቱሪዝም ቤ/ጽ ምም/ሆ/መንግስቲ፡ ኣብ ከረን ድማ ካብ ከረን ሆቴል ኣብ ናይ ስራሕ ሰዓታት ዘይምለስ ናቕፋ 50,00 (ሓምሳ) ብምኽፋል ክውሰድ ይከኣል።
- ጨረታ ድሕሪ ምዕጻው ቀጺላ ኣብ ዘላ ናይ ስራሕ መዓልቲ፡ ሰዓት 11፡00 ቅ.ቀ ተሳተፍቲ ወይ ወኪል (ውሉድ፡ ወላዲ፡ በዓል/ቲ ቤት) ኣብ ዝተረኽብሉ ኣብ ከረን ሆቴል ከረን ይኽፈት።
- ምም/ሆ/መንግስቲ ዝሓሸ ኣማራጺ እንተረኺቡ፡ ብምሉእ ይኹን ብኸፊል ጨረታ ናይ ምስራዝ መሰሉ ዝተሓለወ እዩ።

ምምሕዳር ሆቴላት መንግስቲ

ምልክታ

ብስም ኣቦና ነፍ/ማእከለ ዘርአ በኺት ብቑጽሪ ምስክር ወረቐት 101743 መወከሲ ቁጽሪ 105688/105689 ዝተመዝገበ፡ ኣብ ኣስመራ ዞባ 7 ምም/01 ጎደና 'ቀ' ቁ.ገዛ 71 ዝርከብ ብውርሲ ዝረኸብናዮ ገዛ፡ ናብ ስም ወረስቲ ከነመሓላልፎ ስለዝደለና፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልታት ሕጊ ብዝእዝዞ መሰረት ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ ናይ መአገዲ ትእዛዝ ሒዙ፡ ናብ ቤት ጽሕፈት ፓብሊክ ኖታርን ቤት ጽሕፈት ካዳስተርን ይቕረብ።

ኣቶ መድሃኔ ማእከለ ዘርአ

CHINESE CLASSES TO THE PUBLIC

Welcome to Confucius Institute at National Higher Education and Research Institute (CI-NHERI)! We are planning to offer more classes for the public who are interested in learning Chinese language and longing for knowing Chinese culture.The schedule of the courses is as followed:

1. Chinese Language Classes (100NKF for handout):

Stage	Class		Week	Time
Beginner	Level 1	Class 1	Tues. & Thu.	6:00pm-8:00pm
		Class 2	Sat.& Sun.	8:00am-10:00 am
		Class 3	Sat.& Sun.	4:00pm-6:00pm
	Level 2	Class 1	Tues. & Thu.	6:00pm-8:00pm
		Class 2	Sat. & Sun.	8:00am-10:00am
		Class 3	Sat. & Sun.	4:00am-6:00pm
	Level 3	--	Sat. & Sun.	8:00am-10:00am
Intermediate	Level 4	Class 1	Sat. & Sun.	10:00am-12:00am
		Class 2	Sat.& Sun.	4:00pm-6:00pm
	Level 6	--	Sat. &Sun.	10:00am-12:00am
	Level 8	--	Sat. & Sun.	10:00am-12:00am

2. Chinese Culture Classes (No Payment):

Item	Week	Time
Kongfu	Wed. & Fri.	4:00pm-6:00pm
Chinese Song	Sat. & Sun.	2:00pm-4:00pm
Calligraphy	Wed.& Fri.	6:00pm-8:00pm
Chinese Dance	Wed.& Fri.	4 :00pm-6:00pm

More information is available for you on working days at Room181, University of Asmara. The following is the registration schedule for your reference:

Date: Sept. 16-20, 2018 (Through Sunday to Thursday)

Time: 9:00am-11:30 am, 2:30pm-5:30pm

Venue: Room **181**(CI Office), University of Asmara

The **Duration** of the Courses: **Sept. 22nd—Dec. 23rd, 2018**

We are expecting you to begin the Chinese journey with CI-NHERI together!

ሞሮኮ፥ ንደቂ-ኣንስትዮ ዝድግፍ ሕጊ ኣጽዲቓ

ሞሮኮ፡ ኣብ ልዕሊ ደቂ-ኣንስትዮ ዝወርድ ግፍዒታት ምስ ገበናት ክቕጽር ዝሕሰፈቶ ውሳነ ካብ ትማሊ ኣትሒዙ ኣብ ግብሪ ክውዕል ከም ዝጀመረ ተገሊጹ።

እቲ ኣብ ወርሒ ለካቲት ብባይቶ'ታ ሃገር ዝጸደቐ ሕጊ፡ ኣብ ልዕሊ ደቂ-ኣንስትዮ ኣብ ኣደባባይን ብምስጢርን ከም ዓመጽ፡ ጾታዊ መጥቃዕቲን ዘቤታዊ ምንሻውን ዝኣመሰሉ ገበናት ኣብ ልዕሊ ዝፍጽሙ ሰባት፡ ተሪር መቕጻዕቲ ክወሰድ ስልጣን ዝህብ እዩ።

እቲ ድሮ ብስም ሚኒስተር ጉዳያት ስድራቤትን ደቂ-ኣንስትዮን ባሲማ ሓቃዊ ክጽዋዕ ጀሚሩ ዘሎ ሓድሽ ሕጊ፡ ዝኾነ ጾታዊ ጠባይ ዘለዎም ቃላት ኮነ ምልክታት - ብኣካል፡ ብቴሌፎን ወይ ብኢንተርነት ምስ ዝፍጸም ዘቕጽዕ ምኳኑ ኣብ ገጹ ኣስፊሩ ኣሎ። ብዘይካ'ዚ፡ ንጓል-ኣንስተይቲ ብዘይፍቓዳ ኣገዲዱ ከመርዐ ወይ ክምርዓ ንዘፈተነ እውን ስጉምቲ ከም ዝወሰዱሉ ይድንግግ።

በዚም ጉዳያት ገበነኛታት ኮይናም ዝተረኸቡ ዜጋታት፡ ካብ ሓደ ወርሒ ክሳብ ሓሙሽተ ዓመት ዝበጽሕ ማእሰርትን ካብ 200 ክሳብ 1,000 ዶላር ዝበጽሕ ገንዘባዊ መቕጻዕትን ክበየሎም ከም ዝኽእል እዩ ዝሕበር።

እንተኾነ፡ ገለገለ ወገናት እቲ ሕጊ ንብምሉኡ ጾታዊ ገበናት ዝውክል ብዘይምኳኑ ተግባራዊነቱ ኣጠራጣሪ እዩ ይብሉ። ንሱ'ውን ኣተሓሳስባ ምኳኑ ዝገልጽዎ ጉዳይ፡ ብቐንዱ ገጠር-ሓዳርን ካልኦት ምስኡ ዝመሳሰሉ ሓይሊ ዝተሓወሶም ዓመጻትን ስለ ዘይጠቕሱ፡ ንደቂ-ኣንስትዮ ናብ ተኻቃፊ መድረኽ ዘቃልዕ ምኳኑ እዩ። ብዘይካ'ዚ፡ እቲ ሕጊ ንዝተዛለዩ ወገናት ዝኸውን ቀጠባዊ ሓገዝ ዘይገብር ምኳኑ ብምጥቃስ፡ መንግስቲ ዳግማይ ክኸልሶ እዩም ዝጸውዑ ዘለው።

ኣብ 2009 ኣብ ሞሮኮ ኣብ ዝተኻየደ መጽናዕቲ፡ ልዕሊ 60 ሚእታዊት ካብ ደቂ-ኣንስትዮ'ታ ሃገር ኣካላዊ፡ ኣእምሮኣዊን ቁጠባዊን ዓመጽ ከም ዘጋጠመን እዩ ኣፍሊሩ።

ተወሳኺ

ኣብ ከተማ ቢያልስቶክ - ፖላንድ ዘጋጠመ እዩ። ሰንበት መዓልቲ ብርኒስላው ካርፖዊስኪ ዝተባህለ ወዲ 94 ዓመት ኣቦ፡ ኣብ ቤተክርስቲያን ብምትሕልላፈ ወይ ኮረደዮ ንጓል ወዱ ብኢዳ ሒዙዋ ሰለይ እናበለ፡ ናብ'ቲ ቀሺን መርዓኣዊኣን ዝጸበዩዎ ቦታ ኣብጺሓ። ኣብ እዝና ድማ ገለ ሕሹኽ በላ። እንታይ ከም ዝበላ እዝኒ ዋናኣ። ጓልያት ግን ብዘይኽያት ክትንኸኽ ጀመረት። ኣብ'ቲ ናይ ቃልኪዳን ስነስርዓት ብኣካል ተረኺቦም ዝኸታተሉ ዝነበሩ ዕዱማት ከኣ ዘመን ኣምጽኦ ክይተርፍ ሞባይላቶም ብምውጻእ ተንቀሳቓሲ ስእልታት ምውሳድ ተተሓሓዝዎ። እታ ምስሊ ኸኣ ብመንገዲ ኢንተርነት፡ ኣብ ውሽጢ ሓደ መዓልቲ ብኣዝዮም ብዙሓት ሰባት ተራእየት።

እዚ ግን ኣይኮነን እቲ ዘሕዝን ክፋል ዛንታ ናይ ብርኒስላውን ጓል ወዱን። ንሱ ድሕሪ ክልተ መዓልቲ ናይ'ቲ መርዓ ካብዚ ዓለም ብሞት ብምፍላዩ እዩ። ድሕሪ ሞቱ እዩ ድማ እቲ ምስጢር ሕሹኽታ ኣብ እዝኒ ጓል ወዱ ዝተጋህደ። ብርኒስላው ከምዚ ክብል እዩ ኣብ እዝኒ ጓል ወዱ ሕሹኽ ዝበለ፡ "እዛ መዓልቲ ብሃንቀውታ ዝጸበየ ዝነበርኩ እያ። ንኽርእያ ብህይወት ብምጽንሐይ ድማ ኣዝየ ሕጉስ እየ" ከም ዝበላ ጓል ወዱ ትዛረብ።

ክልተ ኮርያታት ሓባራዊ ቤት-ጽሕፈት ክኸፍታ ተሰማሚዐን

ሰሜን ኮርያን ደቡብ ኮርያን ኣብ መንጎአን ዘሎ ርክብ ዝያዳ ንምድልዳል፡ ጽባሕ ዓርቢ ኣብ'ቲ ንኽልቲአን ዘራኽብ ዶብ ሓባራዊ ኣወሃሃዲ ቤት-ጽሕፈት ክኸፍታ ምኳነን ሓቢረን።

ትማሊ ብደቡብ ኮርያዊ ሚኒስተር ሕብረት ዝወጸአ መግለጺ ከም ዝሕብሮ፡ ብወከልቲ ክልቲአን ሃገራት ዝቖውም ሓባራዊ ኣወሃሃዲ ቤት-ጽሕፈት፡ ጥቓ ዶብ ተደኲና ኣብ እትርከብ ሰሜን ኮርያዊት ከተማ ኬሶንግ ክኸውን እዩ። ንሱ ብዘውሳኺ ከም ዝሕብሮ፡ እቲ ቤት-ጽሕፈት ኣብ መንጎ ክልቲአን ሃገራት ሰፊሕ ዝጸንሐ ወተሃደራዊ ውጥረት ንምፍኳስን ሰላም ንምምጻእን ወትሩ ንዕስራን ኣርባዕተን ሰዓታት ክፉት ክኸውን እዩ።

'ሓባራዊ ኣወሃሃዲ ቤት-ጽሕፈት' ምኽፋት ዝበል ሓሳብ፡ ድሕሪ'ቲ ዝሓለፈ ወርሒ ሚያዝያ ኣብ መንጎ መራሕቲ ክልቲአን ሃገራት ከም ጅግኡንን ሙን ጄ-ኢንን ዝተገበረ ርክብ ዝተበጽሐ ስምምዕ ምኳኑ እዩ ዝንገር። እንተኾነ፡ እቲ መደብ ንዝሓለፈ ወርሒ ኑሓስ ክትግበር ተወጢኑ እኳ እንተነበረ፡ ኣብ መንጎ ኣመሪካን ሰሜን ኮርያን ኣብ ጉዳይ ንጹክልር ብዝተፈጥረ ዘይምርድዳእ ከም ዝተናወሐ እዩ ዝገለጽ። ኑቲ ሰፊሑ ዝጸንሐ ወጥሪ ንምትህድዳእ፡ ዝሓለፈ ሰሙን ናብ ርእሲ ከተማ ሰሜን ኮርያ - ፕዮንግያንግ ዝተጓዕዙ ካብ ፕረዚደንት ደቡብ ኮርያ ሙን ጄ-ኢን ዝተላእከ ጉጅለ ምስ መራሒ'ታ ሃገር ብቐጥታ ከም ዝተራኸበን ብዘዕባ'ቲ ጽባሕ ዓርቢ ዝኽፈት ቤት-ጽሕፈት ከም ዝተዘራረበን ተሓቢሩ ኣሎ። ብዘውሳኺ እታ ጉጅለ ካብ መራሒ ሰሜን ኮርያ ናብ ፕረዚደንት ኣመሪካ እትብጽሕ ካልኣይ ግዜ ንኽራኸቡ እትዕድም ደብዳበ ናብ ኣመሪካ ከም ዘብጽሐ ተፈሊጡ።

እቲ ሓባራዊ ኣወሃሃዲ ቤት-ጽሕፈት ካብ ክልቲአን ሃገራት ብዝተዋጽኡ 20 ወከልቲ ክቖውም ምኳኑ'ዩ ዝገለጽ ዘሎ።

"ኣመሪካ ዝኸፍኣ እዋን እያ ትሓልፍ ዘላ፡" ፕረዚደንት ሮሓኒ

ፕረዚደንት ኢራን ሓሰን ሮሓኒ፡ ትማሊ ንካቢነኡ ኣብ ዘሰመዖ መደረ፡ ኣመሪካ ኣብ ታሪኻ እቲ ዝኸፍኣ ዝበሎ እዋን ትሓልፍ ምህላዋ ሓቢሩ።

ንሱ ዚ መግለጺ ዘውጽኦ፡ ኣመሪካ ትኽተሎ ዘላ ዘቤታዊ ፖለቲካ ካብ'ቲ ናይ ቀዳማይ ሕጂ ኣዝዩ ዝተፈልየ ምኳኑ ኣብ ዝዘረበሉ ዘሎ እዩ። ሮሓኒ ኣብ መግለጺኡ፡ "ሎሚ መሓዙት ዋሽንግተን ዝነበሩ ኩላቶም ምስ ኣመሪካ ደው ክብሉ ኣይመርጹን። እቶም ካብኣ ክፍለዩ ዘይክእሉ ዝበሃሉ ከይተረፉ፡ ርእሶም ኣቕሪዮም ካብ ኣመሪካ ይእለዩ ኣለው፡" ኢሉ። ንሱ እዚ ክብል ከሎ፡ ኑቲ እትኽተሎ ዘላ ፖሊሲ ዝኸተላ ገለ ገለ ሃገራት ምህላወን ከይጠቐሰ ኣይሓለፈን።

ሮሓኒ፡ ሃገሩ ምስ ኣመሪካን ካልኦት ንኣህጉራዊ ሕጊ ዋጋ ዘይህባኣን ሃገራት ናብ ዘይተደልየ ቁጠባዊ ኩናት ትኣቱ ምህላዋ እዩ ገሊጹ። ንሱ ዚ ዝበል ዘሎ፡ ዝሓለፈ ወርሒ፡ ኣመሪካ ኑቲ ኣብ 2015 ምስ ኢራን ዝኣተወቶ ስምምዕ ድሕሪ ምስራዛ እዩ።

ኣመሪካ ኣብ ትሕቲ ትራምፕ ክትምራሕ ካብ እትጅምር ኣትሒዙ ካብ ኣድላይቲ ዝበዝሑ ስምምዓት ኢዳ ክትስሕብ ምጽንሓ ይፍለጥ። ሓደ ካብኡ ድማ ዩኔስኮ እዩ። ንሱ እቲ ማሕበር ኣብ ልዕሊ እስራኤል ቅሉዕ ኣረኣእያ የብሉን ብምባል ዝሓለፈ ዓመት ከም ዝገደፈቶ ይዝከር።

ኣፍጋኒስታን - ርእሰ-ቅትለታዊ መጥቃዕቲ ተፈጺሙ

ብቐደማይ ትማሊ ኣብ ኣፍጋኒስታን - ዞባ ናንጋርሃር ንሰልፈኛታትን ኣብያተ ትምህርትን ዕላማ ብዝገበረ መጥቃዕቲ ቦምብ፡ ኣስታት 68 ሰባት ህይወቶም ክስኣኑ እንከለዉ፡ 165 ከም ዝቖሰሉ ሱብ መዚ'ታ ሃገር ሓቢሮም።

እቲ ርእሱ-ቅትለታዊ መጥቃዕቲ፡ ኣብ ርእሲ ከተማ ናይ'ታ ዞባ ዝኾነት ከተማ ጃላልኣባድ ዝነበሩ ተቓማጦ፡ ኣዛዚ ፖሊስ ናይ'ታ ከተማ ካብ ስልጣኑ ንኽወርድ ዝጸውዕ ሰልፊ የካይዱ ኣብ ዝነበሩሉ እዋን ከም ዝተፈጸመ እዩ ተገሊጹ።

እቲ መጥቃዕቲ፡ ኣብ ዝሓለፉ ኣዋርሕ ኣብ'ታ ሃገር ካብ ዘጋጠሙ ተመሳሰልቲ መጥቃዕቲታት እቲ ዝኸፍአ ምኳኑ እዩ ዝሕበር። ብዙሓት ተንተንቲ ከም ዘጠንቐቕዎ ድማ፡ ኣብ ዝመጽእ ወርሒ ኣብ ዝካየድ ባይቶኣዊ ምርጫታት'ውን ተመሳሰልቲ መጥቃዕቲታት ክህልዉ ተኽእሎታት ከም ዘሎ እዩ።

እቲ ኣብ ልዕሊ ሰልፈኛታት ዝተኻየደ መጥቃዕቲ፡ ሰዓታት ድሕሪ'ቲ ኣብ ልዕሊ ብርክት ዝበሉ ኣብ'ታ ከተማ ዝርከብ ኣብያተ ትምህርቲ ዝተኻየደ መጥቃዕቲ እዩ ተፈጺሙ።

ፕረዚደንት ኣፍጋኒስታን ኣሽራፍ ቓኒ፡ ኑቲ ኣብ ከተማ ጃላልኣባድ ዝተኻየደ መጥቃዕቲታት "ገበን ኣንጻር ሰብኣዊነት" ብምባል ብትሪ ኮኒንዎ።

ክሳብ ሕጂ፡ ካብ ጣሊባን ኮነ ካልእ ዕጡቕ ጉጅለ ናይ'ቲ መጥቃዕቲ ሓላፍነት ዝወሰደ ከም ዘየለ እዩ ዝሕበር።

ዞባ ናንጋርሃር ካብ 2015 ኣትሒዛ ከም ቀንዲ ደጀን ናይ ዳዕሽ ኮይና ምጽንሓ ይፍለጥ።

ተረኛ ፋርማሲ	ዕለት	ጎደና	ቁ.ስልኪ
ፋርማሲ በራኺ	13/9/2018	ከብ. ፈያትታሊሮ ፊት ቶታል መዐደሊ ነዳዲ	07147264

ፋርማሲ ቁ.1 መዓልታውን ለይታውን ኣገልግሎት ትህብ ቁ.ቴሌፎን 127565